# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.220 ሰሉስ 14 ግንቦት 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሕማም ርእሲ - Cephalgia

ገጽ 3
ኩሉ ጥበብ ንስለ ናጽነት

ገጽ 4
ተክኖለጂ ሓበሬታ፡ ጥቓ ሓዊ ዝቐረበ ...

ገጽ 5
ቅንያት ናጽነት፡ ብልዑል ተሳትፎ ተመሃሮ ይደምቕ!

ገጽ 7
ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ንዋንጫ ናጽነት ተኻዪዱ



## ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝተዳለወ ባህላዊ ምርኢት ተዓዚቦም

ብምኽንያት ጽምብል መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ ናብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝቐንዐ ባህላዊ ምርኢት - 'ኮንሰርት'፡ ብ11 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ቀሪቡ።

እቲ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ ብጉጅለ ባህሊ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐረበ ምርኢት፡ ደርፍታት፡ ድራማን ትልሂትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ተዓዘብቲ ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ለሚ ዓመት ዝተወደበ ምርኢት ኮንሰርት፡ ንጽምብል ናጽነትና ፍሉይ ድምቀት ከምዝሃቦ ገሊጾም።

ከም ኣካል መደባት ቅነ ናጽነት፡ ብ27 ሚያዝያ ናብ ቁልዑ፣ ብ7 ግንቦት ድማ ናብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ባህላዊ ምርኢት ከምዝተኣንገደ ዝዝከር እዩ።

ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 5ይ ክፍሊ ዝርከቡ ቆልዑ ዝተሳተፍዎ ቀዳማይ ምርኢት፡ እናኣዘናግዐ ዝምህር ኮሜዲ፡ ጽወጽዋይ፡ መዛሙር፡ ትልሂትን ምርኢት 'ፓፔት'ን፣ ካብ ማእከላይ ደረጃ ክሳብ ኮሌጃት ንዝርከቡ ተመሃሮ ዝቐረበ ካልኣይ ኮንሰርት ድማ፡ ደርፍታት ምስ ትልሂቱ፡ ዋዛታት፡ ሚሎ ድራማን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።



## ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ዓቢ ገስጋስ ተመዝጊቡ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብቐዋሚ ዝተረጋገጸ ምዕሩይ ኣገልግሎት ጥዕና ንምስፋሕ ከካየዶ ዝጸንሐ ጻዕሪ ብዝበለጸ ንምድራዕ 'ሳልሳይ ሃገራዊ ገምጋም ፖሊሲ ጥዕና' ብምኽያድ፡ ካብ 2022 ክሳብ 2026 ዝዝርጋሕ 'ሳልሳይ ፕሮግራም ልምዓት ኣገልግሎት ጥዕና' ኣማዕቢሉ ብዕቱብ ይትግበር ከምዘሎ ተፈሊጡ።

ዛጊት ብዝተሰላሰለ ዕማማት፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት 153 ካብ ሓደ ሽሕ ዝበጽሐ ማጠን ሞት ናጽላታት - ኣብ 2022 ናብ 37፣ ሞት ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ድማ - ብ76 ሚእታዊት ከምዝነከየ፡ ሰነዳት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ የረድኡ።

ኣብ ህጻናት ሰንክልናን ሞትን ዘስዕቡ ሕማማት ንምክልኻልን ንምውጋድን ብዝትግበር ስሩዕ መደባት ክታበት'ውን፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ንኻልኦት ኣብነት ዝኾነ ገስጋስ ከተመዝግብ እንከላ፡ ሽፋን ስሩዕ ክታበት 98 ሚእታዊት በጺሑ።

ኣብ 1991 ሸዱሽተ ሚእታዊት ጥራይ ዝበጽሐ ማጠን ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓርሳ ኣደታት፡ ኣብ 2023 ናብ 83.7 ሚእታዊት በሪኹ።

ኣብ ፈለማ ናጽነት ኣብ መላእ ሃገር 93 ዝበጽሐ ቀጽሪ ትካላት ጥዕና፡ ክሳብ መወዳእታ 2023 ብዝተገብረ ዝፍ ወፍሪ - ብኣስታት 4 ዕጽፊ ብምዕባይ ናብ 347 ክበ ከምዝበለ፣ ከም ወጽኢቱ 70 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሸጢ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ብዮማዊ ክፍሊት ብቐዐ ኣገልግሎት ጥዕና ይረክብ ከምዘሎ፡ እቲ ሰነዳት ይሕብር።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምክልኻል ሳዕቤናቶም ንምጉታእ ብዝተገብረ መደባት፡ ቅድሚ 25 ዓመታት 405 ዝበጽሐ ብሕማም ዓሶ ዝስዕብ ማጠን ሞት፡ ኣብ 2023 ናብ 5 ከምዝወረደ፣ ኣብ ዓባይቶልን 'ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን እውን ርኡይ ገስጋስ ከምዝተመዝገበ ተፈሊጡ።

ከም ወጽኢት ናይ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ናጽነት ኣብ መዳይ ጥዕና ዝተገብረ ዝፍ ወፍርን ዝምዝገብ ዘሎ ምዕባለን ካልእ ረቛሒታትን፡ ገምጋም ዕምሪ ኣብ ኤርትራ ካብቲ ኣብ 1991 ዝበጽሖ - 20 ዓመት ወሰኽ ብምርኣይ፡ 68 ዓመት በጺሑ ኣሎ።


ስእሊ ኣርካይቭ


ስእሊ - ኣብራሃም በየነ


ስእሊ ኣርካይቭ

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማም ርእሲ - Cephalgia

እዛ እንነብረላ መሬት፡ መወዳእታ ብዘይብሉም ዓይነትን ቁጽርን ሕማማት ዝተዓብለለት እያ። ዳርጋ ኩሉም ሕማማት ከኣ፡ ሰብነትና ብዘለዎ ናይ ተፈጥሮ መከላኸሊ ስርዓት (immune system) ይቈጻጸሮም። እቶም ሕማማት ካብ ቊጽጽር ወጻኢ ስርዓተ-መከላኸሊ ሕማም ኣካላትና ምስ ዝኾኑ ድማ፡ ሳይንስ ብዘይምጽኡ ምዕባለ - መድሃኒት ብምውሳድ ክንፍወሶም ይከኣል። እዚ ይኹን'ምበር፡ ገለ ገለ ሕማማት ቀለልቲ ተመሲሎም ክሳብ ሞት ዘብጽሑ፣ ገለ ድማ ናብ ሕክምና ብምኻድ ብቐሊሉ ክንፍወሶምን ክንቈጻጸሮምን እናተኻእሉ፡ ንሓደጋ ከቃልዑና ይረኣዩ። ካብዞም ቀለልቲ ዝመስሉ - ግን ከኣ ከቢድ ሳዕቤን ከስዕቡልና ዝኽእሉ ሓደ - ቃንዛ ርእሲ (ሕማም ርእሲ) እዩ።

ሕማም ርእሲ፡ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሰፋልጂያ' (Cephalgia) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ቃንዛ - ንርእሲ፡ ንገጽ ወይ ንክሳድ ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ቃንዛ መባእታዊን ካልኣውን ኢልካ'ውን ክትገልጾ ይከኣል እዩ።

መባእታዊ ሕማም ርእሲ፡ ኣቓንዛዊ ዋላ ይኹን'ምበር፡ ምስ ዝኾነ ሕማም ወይ ዘይንቡርነት መዛርዕ/ቅርጺ ውሽጣዊ ሰብነት ምትእስሳር ስለ ዘይብሉ፡ 'ሓደገኛ' ተባሂሉ ኣይግለጽን እዩ። እዚ ዓይነት ቃንዛ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ገጽና ኣብ ዝርከቡ መትንታት፡ ሻምብቆታት ደምን ጭዋዳን ብዝርከአ ግዜያዊ ምንዳር ዝኸሰት እዩ።

ካልኣዊ ሕማም ርእሲ፡ ኣብ ሰብነትና፡ ብፍላይ ኣብ ርእስና ክፍጠሩ ብዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓሞማት ዝስዕብ ኮይኑ፡ ኣቓንዛውን ከቢድ ሳዕቤን ክፈጥር ዝኽእልን እዩ።

ሕማም ርእሲ፡ ዳርጋ ናይ መብዛሕትኦም ሕማማት ምልክት እዩ። ቃንዛ ርእሲ፡ ካብ ምንቅቓሕ (stimulation) ወይ ጸቕጢ (pressure) ዝለዓል ኮይኑ፡ ኑቶም ንቓንዛ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ንሓንጎል ዝሸፍኑ ክፋል ብምትንኳኽ ይጅምር። ምዝርጋሕን ምጭባጥን ሰራውር ደም ንምግፋት መትንታት የነቓቕሕዎም ወይ የበራብርዎም እሞ፡ ቃንዛ ርእሲ ከም ዝለዓል ይጉበሩ።

ርእሱ ሓሚሙ ዘይፈልጥ ሰብ ኣሎ ክትብል ዝከኣል ኣይኮነን። ገለ መባረብሪ - ከም ካፌን ትሕዝቶ ዘለዎም ፈሰስቲ ብምውሳድ፡ ብቐሊሉ ክሃዲ ዝኽእል ፍኹስ ዝበለ ቃንዛ ርእሲ ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ቃንዛ ከቢድ ወይ ዘይንቡር ምስ ዝኸውን፡ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕብ ስለ ዝኽእል ምጥንቃቕ ኣገዳሲ እዩ።

መብዛሕትኦም ዓይነት ቃንዛ ሕማም ርእሲ - ጠንቆም ብኡጽር ምፍላጡ ኣሸጋሪ እዩ። እቲ ቃንዛ ርእሲ ፍኹስ ዝበለ ምስ ዝኸውን፡ ባዕልኻ ክትፍወሶ ዝከኣል እዩ። ክቡድ ዝበለ እንተኾይኑ ድማ፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ግቡእ ክንክን ክትጉበር የድሊ።



**ገለ ካብቶም ቃንዛ ርእሲ ከስዕቡ ዝኽእሉ ጠንቅታት፦**

* ሕማም፦ እዚ - ንዝተፈላለየ ዓይነት ረኽሲ ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ንሰዓልን ካልእን ሕማማት'ውን ይውክል።

* ወጥሪ፦ ወጥርን ቅዝነን ከምኡ'ውን ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድ፡ ገለ ካብ ቃንዛ ርእሲ ዘለዓዕሉ እዮም። መግቢ ኣብ ግዜኡ ዘይምውሳድን ዘይቅኑዕ ኣደቃቕሳን እውን ቃንዛ ርእሲ ክፈጥሩ ይኽእሉ።

* ኣከባቢ፦ ብኸላ ኣየር፡ ዘይንቡር ወይ ምቅይያር ኩነታት ኣየር ቃንዛ ርእሲ ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ከባቢኻ ትኪ ናይ ተሸከርከርቲ፡ ፋብሪካ ከምኡ'ውን ኣትክኽቲ ሽጋራ ምስ ዝህልዉ፡ እውን ርእስኻ ክትሓምም ትኽእል ኢኻ።

* ተወርሶ፦ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ፡ ብፍላይ ድማ መርዘን ካብን ናብን ስድራ ይመሓላለፉ እዮም።

### ነጸርታ (diagnosis)

ምድግጋም፡ ግዜ፡ ብርታዕ ቃንዛ፡ ቦታ ወዘተ ንቓንዛ ርእሲ ዘገድዱን ዘቃልሉን ረቛሒታት እዮም። ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ምልክታት - ከም ረስኒ፡ ምድራቕ ወተግ፡ ዕግርግርን ተምሳሰን ጠንቅን ነጸርታን ቃንዛ ርእሲ ንምፍላጥ ሓገዝቲ ይኾኑ። ንኣብነት፡ ቅጽበታዊ ዝኾነ ንመላእ ርእሲ ዘጠቓልል ቃንዛ፡ ረስኒ፡ ጸልኣት ብርሃን (Photophobia)፣ ምድራቕ ወተግ. . . ምስ ዝህሉ፡ ረኽሲ ናይ ሽፋን ሓንጎል ወይ ኣንቅጺ (meningitis) ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ዚ ንምርግጋጽ ተወሳኺ መርመራ የድሊ።

ኣብ ሓንጎልና መጉዳእቲ (lesion) ምስ ዝህሉ ድማ፡ እዚ ዝስዕብ ምልክት ነርኢ፦ ቃንዛ ርእሲ ኣብ ግዜ ለይቲ - ቃንዛ ኣብ ግዜ ምንቃሕ ካብ ድቃስ፣ ኣደቃቕሳና ክንቅይር እንከለና ዓይነት ቃንዛ ይቕያየር፣ ተምሳሰን ዕግርግርን፣ ምንፍርፋር (seizure)፣ ድኻም ሰብነት. . . ስምዒታዊ ምልውዋጥ ይጉበር። በዚ ድማ፡ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ ምልላይን ጠንቁን ሳዕቤኑን ፈሊጥካ ምፍዋስን ይከኣል።

### መዓስ ዝያዳ ክትጥንቀቕ የድሊ

=> እቲ ቃንዛ ርእሲ ድሕሪ 50 ዓመት ዕድመ ምስ ዝጅምር፡

=> እቲ ቃንዛ ምስ ምስዓልን ምንቅስቓስን ዝብእስ ምስ ዝኸውን፡

=> እቲ ቃንዛ ብዓይነቱ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተቐያየረን እናበኣሰን ምስ ዝኸይድ፡

=> እቲ ቃንዛ ንንጥፈታት ሓንጎልን ጠባይን ምስ ዝትንክፍ. . . ከቢድ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ።

### ዓይነታት ቃንዛ ርእሲ

ልዕሊ 300 ዝኸውን ጠቕላላ ዓይነታት ቃንዛ ርእሲ ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም 10 ሚእታዊት ዘይኮኑ ጥራሕ እዮም ጠንቆም ብቐሊሉ ክፍለጥ ዝከኣል። እዞም ኩሎም ዓይነት ቃንዛ ርእሲ፡ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ይምቀሉ - መባእታዊ ቃንዛ ርእሲ (primery headache) ከምኡ'ውን ካልኣዊ ቃንዛ ርእሲ (secondary headache)።

ካልኣዊ ቃንዛ ርእሲ ዝበሃል፡ ጠንቁ ማህረምቲ ርእሲ፣ ኣብ ሓንጎልና ዝፍጠር ጸኪ፣ ብርቱዕ ጸቕጢ ደም፣ ወቕዒ፣ ረኽሲ ሽፋን ሓንጎል ወዘተ እዮም።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ብሰፊሑ እንገልጾ ግን - ንብዙሕ ሰብ ዘጥቅዕ መባእታዊ ቃንዛ ርእሲ እዩ ክኸውን።

መባእታዊ ቃንዛ ርእሲ ንሰለስተ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ የጠቓልል፡

* መርዘን (migraine)

* ጥሙር (cluster)

* ውጥረት (tension)

### መርዘን

ካብ 4 ክሳብ 12 ሰዓታት ዝጸንሕ ቃንዛ ርእሲ ኮይኑ፡ ተረውሪው ዝበልዕ ብርታዕ ዘለዎ ንሓደ ክፋል ርእሲ ዘጥቅዕ እዩ። ኣብ ግዜ ስራሕ ዝበድድ፣ ዕግርግርን ተምሳሰን ዘስዕብ፣ ንጨና፡ ብርሃን፡ ድምጺ ተጻላኢ ዝኾነ ቃንዛ ርእሲ'ውን እዩ። ካብዞም ተዘርዚርም ዘለዉ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓይነት ምልክት ዘማልአ ቃንዛ ርእሲ - መርዘን ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ።

መርዘን፡ ብፍላይ ካብ 10 ክሳብ 40 ዓመት ክሊ ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ሰባት የጥቅዕ። ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ዝያዳ ንደቂ-ኣንስትዮ ከም ዘጥቅዕ ይሕበር። ኣብ ከባቢ 50 ዓመት ዕድመ ግን፡ እቲ ናይ መርዘን ቃንዛ ብኸፊል ወይ ጠቕሊሉ ባዕሉ ከም ዝጠፍእ ይግለጽ። 50 ሚእታዊት ቃንዛ መርዘን ቤተ-ሰባዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ሕክምናዊ ጸብጻባት የረድኡ።

### ጠንቅን ኣመዓባብላን መርዘን

ጠንቂ ናይ መርዘን ብልክዕ ኣይፍለጥን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ካብን ናብን ሓንጎልና ደም ዘመላልሱ ሰራውር ደም ኣብ ምዝርጋሕን ምጭባጥን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣሎ። ኣመዓባብላ መርዘን፡ ልክዕ ከም ጠንቁ ንጹር'ኳ እንተዘይኮነ፡ ከም በዓል ኢስትሮጅን (eostrogen) ዝተባህለ ነብዒ (hormone) ኣብ ደም ዑደት ኣብ ዝገብረሉ እዋን፡ ንቓንዛ መርዘን መበገሲ ክኾኑ ይኽእሉ። በዚ ምኽንያት'ዩ ድማ፡ መርዘን ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ዝያዳ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርአ።

**ኢስትሮጅን** - ኣብ ጓል-ኣንስተይቲ ዝርከብ ነብዒ ስርዓት-መፍረ እዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ቅድመ ንጽፈ-ጽግያት፡ መርዘን ዝያዳ ይብእስ፡ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ጥንሲ ተባሂሉ ዝውሰድ መድሃኒትን ኢስትሮጅን ንምትካእ ተባሂሉ ዝውሰድ መተካእታ መድሃኒትን፡ ነቲ ናይ መርዘን ስቓይ ከም ዘጋድዶ ሓኪይም ይሕብሩ። ካልኦት ንመርዘን ከለዓዕሉ ዝኽእሉ ረቛሒታት - ድቃስ ምስኣን፡ ምልውዋጥ ከባብያዊ ኣየርን ጸቕጢ ኣየርን፡ ጥምየት ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ።

### ምልክታትን ነጸርታን መርዘን

እቲ ግዳይ መዓልታዊ ወይ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ንሓያለ ግዜ ብቐውምት (depression)፡ ቁጥዐ፡ ዕረፍቲ ምስኣን፡ ጸልኣት ድምጺ፡ ብርሃን ወዘተ ይጥቃዕ። ካልእ ተወሳኺ ረኽሲ ሓንጎል እንተዘየለ፡ በዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ምልክታት ንመርዘን ብቐሊሉ ክለልዮ ንኽእል። ስድራቤታዊ ምትእስሳር ምስ ዝህሉ ድማ፡ ተወሳኺ መርትዖ ይኸውን።

### ፍወሳ

ንመርዘን ክፍውሱ ዝኽእሉ ዓይነት መድሃኒታት ናብ ሓኪም ብምቕራብ ብቐሊሉ ክርከቡ ይኽእሉ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦ ኣርጎታሚን ታርታር፡ ፕሮፕራኖሎል፡ ሜቶክሎፕራማይድ፡ ኣስፕሪን፡ ኢንዶሜታሲን ወዘተ እዮም።

### ጥሙር ቃንዛ ርእሲ

እዚ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ፡ ካብ 15 ክሳብ 18 ደቓይቕ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ብርቱዕ ዝበለ እዩ። ቃንዛ ኣብ ከባቢ ኣዒንቲ (periorbital)፡ ቃንዛ ኣብ መታልሕ ክፈጥር ይኽእል። ኣብ መዓልቲ ክሳብ 8 ሰዓታት ዝጸንሕ ቃንዛ ይፈጥር። ምንባዕን ምቅያሕን ዓይኒ፡ ምዕባስ ኣፍንጫ፡ ምርሃጽ ገጽ፡ ምውዳቕ ቅርንብ ዓይኒ የርኢ። እዚ ቃንዛ ርእሲ'ዚ ካብ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ንደቂ-ተባዕትዮ የጥቅዕ። ጥሙር ቃንዛ ርእሲ ዘለዓዕሉ ብዙሓት እዮም። ኣልኮላዊ መስተ፡ ድቃስ ምስኣን፡ ምቅይያር ክሊማን ጸቕጢ ኣየርን ገለ ንምጥቃስ ይከኣል። ኣመዓብላ ጥሙር ቃንዛ ርእሲ ከም መርዘን ፍሉጥ ኣይኮነን።

### ነጸርታን ፍወሳን

ነጸርታ ጥሙር ቃንዛ ርእሲ ብምልክት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብመድሃኒት ክትፍወሶ ዝከኣል እዩ። 'ኢንዶሜታሲን' ሓደ ካብቲ ፍሉጥ መድሃኒት ናይ'ዚ ቃንዛ እዩ።

### ውጥረት

እዚ ቃንዛ ርእሲ እዚ፡ ካብ 30 ደቒቕ ክሳብ 7 መዓልታት ይጸንሕ። እቲ ቃንዛ ካብ ቀሊል ናብ ዝበርታዕ ደርጃ ዝሰጋገር፡ ንኽልተ ሸነኽ ክፋል ርእሲ ዘጥቅዕ ዓይነት ሕማም ርእሲ እዩ። ምስ ዕግርግርን ተምሳሰን፡ ብርሃን፡ ጨና፡ ድምጺ ምትእስሳር ግን የብሉን። ጠንቂ ድማ ምምዛብል ስምዒት (mood disorder) ምእባይ ድቃስን ጭንቀትን ከም ዝኾኑ መጽናዕታት ይሕብሩ።

### ፍወሳ

በቲ ዝተሓተ ፈውሲ ቃንዛ - ማለት ኣስፕሪን ምጅማር ተመራጺ ይኸውን። ናብ ሓኪም ምኻድን ግቡእ ፍወሳ ምግባርን ከም ዝጸበኣ ድማ ዘይምዝንጋዕ። እዚ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ ቀለል'ኳ እንተመሰለ፡ ብኣጋኡ ምስ ዘይፍወስ ክሳብ ናይ ኣእምሮ ሕማም ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ምንጪ፦ webmd


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284


### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | ድራማ |
| 16:20 | ደኩመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 19:20 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ኩሉ ጥቡብ ንስለ ናጽነት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም ኣካል ጥንታዊ ስልጣኔ ናይ ዓለም፣ ነዊሕ መዋእል ዘቑጸረ ባህልን ስነ-ጥበብን ብምምዕባል ጥበባዊ ክእለቱ ዘማዕበለ እዩ። ጥበባዊ ክእለት፣ ልክዕነት፣ ንጹጽነትን ዘመሓለልዎ መልእኽትን ተደማሚሩ ዝፈጥሮ ጸገቦን ሓይልን መሆኑ ይጉዕበር።

ባህልን ስነ-ጥበብን ሕብረተሰብ ኤርትራ መሓረ ኣረማኢ ኣጸናናዒ፣ ንኹነታት ገጻዪ፣ ኣማሳኢ ኣጠንቃቒ ብምዃን ምንጪ ፍልጠት፣ ልቦናን ሓይልን ንምዃን በቒዑ እዩ። ንማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላዊ፣ ታሪኻውን ፖለቲካውን ክስተት ኤርትራ እንታይን ከመይን ከም ዝነበረ ክፈልጥ ህንጡይ ዝኾነ ሰብ ንባህልን ስነ-ጥበብን ፍሉይ ኣተኩሮ ክገብር ይግደድ።

ሕሉፍ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ናይቲ እዋን ደርፊ፣ መልቀስ፣ ማሰ፣ ጨፈራ፣ ግጥሚ፣ ዓደረ ወዘተ ተገሊጹ ኣሎ። እቲ ህዝቢ ንባህልን ስነ-ጥበብን ከም መሕለፊ ግዜን መዘናግዕን ኣይኮነን ክጥቀመሉ ጸኒሑ። ብኣንጻሩ ስክፍታታቱ፣ ባህጊ፣ ኩርዓቱ፣ ትብዓቱ፣ ቃንዛኡ፣ ገድሉ፣ ሓጎሱ፣ ሓዘኑን ካልኦት ስምዒታትን ዝገልጸሉ ኣገባብ እዩ።

ቅንያቱ ቅኑ ናጽነት ብምዃኑ፣ ኤርትራውያን ጥበበኛታት ንናጽነትን ኤርትራን ካብ ዝበልዎ ንኣንብበ ናይ'ዚ ዓምዲ ከተፍልጦም እዩ። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝፈረዩ ሰውራዊ ደርፍታት፣ ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ወፈርሉ ዝነበረ ድልየ ናጽነት ዓቢ እጃም ከም ዝነበሩ ኣብ ክትዕ ዘእቱ ኣይኮነን። ሓደ ራቨንደር ሬና ዝተባህለ ህንዳዊ ፕሮፌሰር፣ ንሰውራዊ ደርፍታት ኤርትራ "ልዕሊ ጥይት ኣገልጊሎም" ብምባሉ ኣብርክቶኦም ገሊጽዎ።

ዘሕዝኑ፣ ዘጸገዑ፣ ዘተስፈዉ፣ ዘኽትቱ፣ ዘበርሁ ደርፍታት ደኣ ልዕሊ ልዕሊ ጥይትን መድፍዕን ዘይኮኑ እንታይ ኣሎ? ብርቱዐ ደርፍታት ሰውራ ክሳብ ሕጂ ንመትኒ ስምዒት ኤርትራውያን ዝትንክፍ ሓይሊ ኣለዎ። ካብ ልቢ ዝተሓልበ ደርሰት ግጥምን ዜማን ድረት ግዜ ኣይፈልጥን'ዩ። ኩሉ ዘርከበ ወዲ ሃገር ሰማዒኡን ኣስተማቓሪኡን ክኸውን ግድን እዩ።

ወግዕና ብመንቀሊ ቃልሲ ኤርትራውያን ክንጀምር። መንእሰያት ናይቲ እዋን ዝበደፉ ጉዳፍም ናብ ገድሊ ሃጽ ክብሉ ዝደረኾም፣ ምስ ተዓጠቑ ከኣ ጸረያም ክቃለሱ ዝገበርም ምስጢር፣ ካብቲ "ዕዳ ኣለኒ" እትብል ግጥሚ ጉዳም ተጋዳላይ ስነጠበበኛ ሰሎሞን ጸሃየ ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል። ምኽንያት፣ መቃለሲኡን ስዒ ምንቃሱን ክገልጽ እንከሎ፣

"ጉመጽ ዓንዲሩሉይ ማሰል ጠፊኡኒ፣
ጸምኢ ናጽነት'ዩ ንኢይ ኣንቂሉኒ፣
"ንብ ኣተኹዎ" ኢለ ኣይተገዝኡን
ንስዚሉኒ፣
ዓደኒ - ብስዩ ስኒ - ብስዩ ናይ ደብተኒ፣
ኦርማይ ኢለ ኣይተገዝኡን መውጽኢ ስኡኒ፣
ደም ከኣ ኣይደኣማእኩን ደም፣ ደም ሕነ"፣

ብምባል ብህልኻን ሕነን ዘይተበለለ ብጹእ ሓርነታዊ ቃልሲ ከም ዝነበረ ይገልጽ። "ማሰረት መንቀሲ ብረት ዘሰከመና፣ ተበራሁና ኣይኮነን ዝኸር ደስ ኢሉና" እትብል ደርፈ ድምጻዊ የማነ ባርያ እውን፣ ምእንቲ ስለምን ናጽነትን ክንብል ጥሪይ ብረት ከም ዘልዓልና እትገልጽ ህያው ደርፈ ሓዳጊ ሓሊፉ እዩ።

ህዝቢ'ንድሑ እምጺእዋ ናጽነት ባዕሉ
ብስሓይታን ሃሩርን ተጋዲሉ



ናጽነት ኤርትራ ፍረ ናይቲ ፍርቂ ዘበን ዘቑጸረ ቃልስን መስዋእትን ከም ዝኾነት ብብርሃን ልሳንን ጥበበኛታትና ዝተገበረ ገለጻ መቑጸሪ የብሉን። ጉዲም ተጋዳላይ ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ጸሃየ ኣብታ ቀውዒ ናጽነት እትብል ግጥሙ እውን ከምዚ ዝስዕብ በሉ፣

"ቀውዒ ናጽነት ቀውዒ ዳግማይ ልደት
ዓቢ ሰሚኢታት እልፊ ኣእላፍ ሂወት
ኦብኡ ኣሕሲሙ ናጽነት ክይልየ
ገብዘ በልዩ ኣብ ጉድጓድ ወኻርዩ፣"

ዕላማ ገድሊ ናጽነት ኩና ናጽነት ምንባሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰዓት ንረኽቦ ኢና። ዝበለጸን ዝቐለለን መግለጺ ግን ኣብታ ኣብ 1983 ብስወእ ተጋዳላይ ስነጥበበኛ ኢሳይያስ ጺጋይ ዝተደርሰት መዝሙር "ውድብና" ኣሎ።

ውድብና- ዝረዘርግ ሰላም
ውድብና- ዝሪትቅጽ ለምለም
ውድብና-ዝሪጠፍእ ብርሃን
ትቃለስ ክሳብ ሃገርና ትሕደስ!!

ማሽኛታት፣ ኣውለኛታት፣ ጨፈርቲ ከኣ ኣካል ናይቲ ቃልሲ ብምዃን ኑቲ ዝኾውን ዝበረ ተዓዚበም ዝበርዎ መግለጺ ንባህልን ስነ ጥበብን ሃገርና ዘህብትም ስለዝኾኑ ኑቲ ዝተደብተረ ምንባቡ፣ ኑቲ ዛሪት ዘይተደብተረ ከኣ ንምድብታሩ ሓለፍቲ ናይ ኩሉ ወዲ ሃገር እዩ። ተጋዳላይ ሰሎሙን ጸሃየ ዘሕተሞ "ማሰን መልቀስን ቀዳሞት" ዝብል ዓቢ መጽሓፍ፣ ንጥበበን ልቦናን ቀዳሞት ወለዶና ካብ ምርሳዕ ዘድሓነ ብምዃኑ፣ ብኣተኩሮ ክንዝሮ ይግባእ።

ኣፋዊ ያታ ካልኦት ብዙራት ሃገርና ንምጥርናፉን ምትርጓሙን ተጀማሚሩ ዘሎ ተበግሶ ግዱሳት እውን ክተባባዕ ዘለዎ ስራሕ እዩ። ንሕጂ እምበኣር፣ ምስኡ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ኑዩም ኣብ መጽሓፍ "ማሰን መልቀስን ቀዳሞት" ዝረኸብኩዎም ወሩይ ማሸኛ ነጋሽ ባይራኡ (ነጋሽ ሳዕላ) ከልዕሎም እዩ። ማሸኛ ነጋሽ ሳዕላ (ፍሰዞር) ተጋዳላይ ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ ቀቲሉ ዓወት ከም ዝጨበጨ - ኣብታ "በትሩ ኣሕዲገዮ" እትብል ማሰኡ ኣጸቢቑ ገሊጾሞ ኣሎ።

ጆግንትት ተጋዳላይ ብምንታይ ይትንተን
እም ብማጡ ቁሩብትይ ክፍተን
ታንክታት ይመጻ ተጉቲተን
ብጠቡታ ቸርሺ ተቖሚተን
መዓፍዕ ሰቕረን ኣብ ሻንፈተን
ደፋልያ ከፍርሳ ተመልኪተን
የማን ጺግም እንኽብላ ጋሕተንተን
ተጋደልቲ ይኣትዉ ብሽሊተን

ኣርብጅ ጊርም ኣውጺኦም ኣምዑተን
ብትንትትን ኣቢሎም ኣካሎተን
ኣብ ክታት ተረፈን መሬተን
'ተን ዝጠኵላ ከይደን ተዘሚተን
ተመሊሰን ወገሌን ኃይቶተን
ዓወት ተጨቢጣ ብኣታተን

እዚ ማሽዚ መግለጺ ክውን ታሪኽ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ደርግ ተሳዒሩ ኣብ መኸን ምውት፣ ምፋኽን ቁስልን ምስ ኮኑ ዓጢቖዎ ዝነበረ ብረት ብምሉኡ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ እዩ። እቲ ካልእ ኣጸዋራት ጉዳፍ 200 ታንክታት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትየን።

ሓደ ካብቲ ብዙሕ ፍሉይነትታት ሰውራ ኤርትራ ንጌል-ኣንስተይቲ ቀንዲ ኣካል ናይ'ቲ ቃልሲ ምንባሩ እዩ። ማሽኛ ነጋሽ ሳዕላ ነዚ ፍሉይነት'ዚ ኣስተብሂሉም፣ ንውዕለት ተጋደልቲ ደቂ-ኣንስትዮ እትገልጽ "ዓለም ኣንቀጥቀጣ" ዘርእስታ ማሰ እውን ገይሮም እዮም።

ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዓለም
ኣንቀጥቀጣ
ናይ መሬተን ጸገም ምስ ፈለጣ
ቀምሽን ንበረ እናለወጣ
ከም ኣሕዋተን ተዓጢቐን ቁምጣ
ሙተርያስ እናተሓንገጣ
ጸላኢ ኣርከበን ብጨበጣ
ብዌሕም ሐዘን እናወጠጣ
ከብዱ ረረገጸን እናጥረጣ
ንሃገረን ዓወት ኣጨበጠን

ኤርትራ ድሕሪ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ብ24 ግንቦት 1991 ሓራ ምስ ወጽኣት፣ ኣብ ጸምብል ቀዳማይ ዓመት ናጽነት ነጋሽ ሳዕላ ንወርሒ ግንቦት ጠቒሶም፦

"ወርሒ ግንቦት'ዛ ቅድስቲ ቀነ
ግንቦትካ ኣቢሉ ሐ ምን
ካብ ወጥኡን ሞትን ሰብ ደሓነ" ብምባል
ምዕራፍ ወጥኡን ሞትን ከም ዘኽተመ ገሊጾም።

ህጉሓኤ ኑቲ ንናጽነት ኤርትራ ኣብ ትሹትሹ ሸኹጡ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት፣ ብሓይሊ ብረት ደምሲሱ እታ ንህዝቢ ኤርትራ እትግባእ ናጽነት ክምንዝዕ እኳ እንተኸኣለ፣ ሕጋዊ መደምደምታ ስለ ዝደለየ ረፈረንደም ክካየድ ተወሰነ። ህዝቢ ምርጫኡ ክህብ ንዘቕረበሉ ሕቶ ከይደናገር ኣስተውዒሉ ድምጹ ክህብ ማሸኛ ነጋሽ ሳዕላ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ፣

ደቂ ሃገረይ ኣብዚሐ ኣስተውዕሉ
ዝሑ ተሰዊኡ ዝሑ ሰንከሉ
እወ ንናጽነት'ምበር መን ክብል ኢዩሩሉ
ዓቢዱ'ዶ ከይሩ ተጸሊሉ

. . .

ናይ ኣሹላት ሰውኣት ዓባይ ካሕሳ
ናይ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ካሕሳ
ኣሃዱ እናበልና ንቐድሳ
እወ ንናጽነት ኢልና ናብ ሳንዱቕ
ንምለሳ

ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ብ15 ግንቦት 1995 ምስ ዓረፉ ከኣ፣ ማሸኛ ነጋሽ ሳዕላ ንውዕለት ኣቦይ ወልደኣብ ንምግላጽ - ናብ ቤቶም ብምኻድ እዚ ዝስዕብ መልቀስ ገበሩ፦

ከምቲ ንበርም በሉ ግሹ
ብር ኢልኩም ከኣ ተሓሹ
ኣናብስ ወሊደኩም ዝፍንጥሉ
ጸግዓትኩም ትብዓትኩም ዝወረሱ
ምእንቲ ኤርትራ ዝቃለሱ
ንቐረን ኣፍሪቃ ዝውሓሱ
ብስጋኽም ኣብ መሬት ሃርሱ
ብኡበትኽም ሰሚያት ወረሱ
ናብ ኢብራሂም ሱልጣን ተሓወሱ
ናብ ሰውኣት ደቅኽም ተሓወሱ
ዛዘምናዮ በልዎም ክእዝሉ
ኣምላኽ ይቐበልኩም ኣብ መቕደሱ

ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም፣ ዕድሎም ጸቢቑ ፍረ ናይ'ቲ ንልዕሊ 60 ዓመት ንናጽነት ኤርትራ ዝገበርዎ ገድሊ ርእዮም እዮም። ማዕረኦም ዝተቓለሱ ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን ግን ቅድሚ ናጽነት እዮም ዓሪፎም። ናጽነት ኤርትራ ከም እትመጽእ ግን ጥርጥር ኣይነበሮምን።

ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ ካልኣይን ሓደኻታውን ገባኤ ህጉሓኤ/ ተሓኤ ተረኺቦም ኣብ ዘሰምዕዎ መደረ "ብጾተይ፣ ዘራእ መን ከም ዝዓጽዶ ከይፈለጡ ጽኑዩ ስርናይ ዘርኦም ሓለፉ። መን ከም ዘሰፍር ከይጠየቑ ግሩም ዝኾነ መሰረት ህንጻ ናጽነት ኣዳለዎም ከዱ። መን ከም ዝሰቕም ከይፈለጡ ከይደለዩ ከኣ ሃፍሶም ንመስዋእቲ ናጽነት ኣሕለፎም ሃቡ" በሉ።

ይትረፍ ኣብ 1987 ኮይንኩ፣ ቅድሚኡ ኣብ ዝበረ ከውታ መግዛእቲ እውን እንተኾነ፣ ናጽነት ከም ትመጽእ ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ጥርጣረ ኣይነበረን። ሓጅ ሰሊይማን ኣሕመድ፣ ሓደ ካብቶም ናጽነት ኤርትራ ከም ትመጽእ ዘይተጠራጠሩን ክርእዩዋ ሃረር ዝበሉን ሓርበኛታት ኤርትራውያን ኣቦታት እዮም። ኣብ 1971 ብጽንዕ ሓሚሞም እናተሓለዉ እንከለዉ፣ ኣቶ ዓብደላ ሐመዲን ኢብራሂም ዝተባህሉ ናይ ቃልሲ መሓዝኦም ካብ ቤት-ማእሰርቲ ወጺኦም ክበጽሑዎም ምስ መጽኡ፣ "በል ኣነ ብዙሕ እሓምም ኣለኹ፣ ናጽነት ዝርእየ ኣይመስለንን። ግን ሪስ ዘይዛረብ እኳ እንተኾነ ደሰምዕ እዩ። ኤርትራ ናጻ ምስ ወጽኣት ኣብ መቓብረይ መጺእካ ኣበስረኒ" ብምባል ተላበዩዎም ዓሪፎም።

ኣቶ ዓብደላ እዚ ለበዋ'ዚ ተሰኪሞም ንሰዕዲ ዓረብ ተሰዲዶም ድሕሪ ምጽናሕ ናጽነት ኤርትራ ምስ ኮነ ምስታ ቀዳመይቲ ናብ ኤርትራ ዝመጸት መርከብ መጺኦም ናብ መቓብር ሓጅ ሰሊይማን ብምኻድ ኑቲ ንኽሰምዕዎ ሃረር ዝበሉ ዝበሩ ብስራት ኣሰምዕዎም።

ኣብ ወግዓዊ ጸምብል ናጽነት ኤርትራ (24 ግንቦት 1993)፣ ማሸኛ ነጋሽ ሳዕላ ካብ መንጎቲ ኣብ ኣሰላ ካተድራል ሆቴ ኣሉ ዝበረ ህዝቢ ብድድ ብምባል፣ ጭራኦም እናወዘወዙ ድምጾም ኣብሪኾም 'ማሰ ማሰ ማሰ ማሰ . . . .' ምስ በሉ፣ ህዝቢ ከኣ ተቐቢሉ 'ሰዱ ሰዱ ሰዱ. . .' ምስ በሎም፣

"ግንዴራና በሲ ተተኺሲ
ሚእቲ ዓመት ኣርኪ ትብዩሲ
ሰላሳ ዓመት ጸኒሕኪ ትጋደሲ
በሲ ኣብ ናጻ ኤርትራ ተተኺሲ
እም'ኽኣ ኣብ ኣዝመራ ምስ ዕንበበ
ፋጸሲ" ብምባል ኑቲ ሓጎስ ናይ ናጽነት መለሶም ሰማይ ሰቒልዎ።

ኣብ ዕለተ ናጽነት ኤርትራ ብሓጎስ ቀምበይበይ ኢላ ከም ዝበረት ካብቲ ብደቂ ሃገርን ወጻኢተኛታትን ዝተሳእለን ዝተጻሕፈን ንምርዳእ ዝኸብድ የለን። ኣብ 24 ግንቦት 1991 እተን ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ክቲታኽታ ዝቐነያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፣ ኣብ ከባቢ ሰዓት 11:00 እግረን ኣብ ብሎኮ ጎዳይፍ ምስ ኣንበራ፣ ህዝቢ ሓጎሱ በቲ ንቡር ኣገባብ ገሊጹ ምውዳእ ስለዘኣበዮ ዳርጋ ተጸሊሉ እዩ።

ኤርትራውያን ኹሉም ፍጡራት ፈጣሪ እውን ከይተረፈ ካብ'ቲ ሰማያዊ ስፍራኡ ወሪዱ፣ ኑቲ ኣድማሳውን ዘልኣለማውን ባህርኡ ሓዲጉ ኤርትራዊ ንኽኸውን ሰኸፍ ከይበሎም ዓዲሞም። ዓቢ ገጣሚ ሃይለ በዘን ሓንቲ ኣደ ምሕረ ምስ ተሓኾሳ ንፈጣሪ 'ብጻ ወዲ ኤልትርያ ኲንካ' ክሳብ ምባል ከም ዝበጽሓ እትገልጽ ግጥሚ ኣብ ከበሒ ተዘክሮታት ኣቕሚጠልና ኣሎ።

ብጻ ኤርትራዊ ኲንካ
ኣደይ ዐና ሕሰም ዘኽረፉ
መግዛእቲ ዘጉረፉ
ማዕረ ሰና ዝስኣኑዩም ደቃ
ተጋደልቲ ዝኣተዉሉ
ናብ ፈጣሪ ጸሊዩልባ ኣውዲቓ፣
"ኣንታ ፈጣሪ!
ተጋደልቲ ኣትዮም ምስ በሉና
ዝላ"ኺ ኣይሰንደኹላን ዝኬይ
ኣብ ጸርግያ ተኳዲና
ዘለልና፣ ሳዕሲዕና፣ ዓሊልና
ዝወዓለ ደስታ ፍጹም ዓቢደና
ፈጣሪ!
ሽዑ ዘለኻ ንስሚ ብጻ ወዲ
ኤልትርያ ኲንካ"
ኢላትካ!

ከም ንናጽነትን ንኤርትራን ዝተገጥመን ዝተደርፈን የለን። ኤርትራውያን ጥበበኛታት ልቦም ዝቖቕሮ ፍቕሪ ናጽነትን ሃገርን ኢሎም ስለ ዘይወድእዎ፣ ጌና የዕርዩዎ ኣለው። ስለ ናጽነት ክቡር ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ ስለ ናጽነት ክነጥምን ክደርፍን ክሕለል ኣይኮነን።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ተክኖለጂ ሓበሬታ፡ ጥቓ ሓዊ ዝቐረበ ሓዊ ላሓሰዶ ይኾነና ይህሉ?

ብርግጽ ኩሎም ምህዞታት ተክኖሎጂ፤ ኣብ ስራሕ፡ መነባብሮ፡ ኣተሓሳስባ፡ ማሕበራዊ ርክብ፡ ጥዕና፡ ባህልን ልምድን ወድሰብ ነናቶም ጽልዋ ኣለዎም። ብማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጽልዋ ግን ኣይ-ከም ተክኖሎጂ ሓበሬታን! ኣብ እዋንና ማዕረ ተክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ንወድሰብ ይጸልዎ ኣሎ ዝብሃል ተክኖሎጂ ስነ-ህይወት (ባዮ መዲካል ሳይንስ) እዩ። ኣብ ዓውዲ ሕክምና ተበጺሑ ዘሎ ፍልጠትን ተማሂዙ ዘሎ ምህዞን፡ ምስ ስርዓተ-መፍረ ዝተሓላለዘ ሽግራት ኣብ ምቅላል፡ ምፍዋስ ቀተልቲ ሕማማት፡ ምንካይ ጥዕናዊ ስቓይ ወድሰብ ወዘተ. ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ቀሊል ኣይኮነን።


ንተክኖሎጂ ውሕሉል ኣጠቓቕማን ሞራላዊ ስነ-ምግባርን እናተገንዘብና እንተ ዘይተጠቐምናሉ ሃሰያኡ ቀሊል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ተክኖሎጂ ወይ ስነ-ፍልጠት ዘይኮነ ጸገም ዝኸውን ዘሎ፡ ኣጠቓቕማ እቲ ተክኖሎጂ እዩ ኣብ ጸገም ዘውድቐና ዘሎ። እዚ ኣርእስቲ፡ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን ክህልዎ ዝኽእል ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጽልዋ ንምዝታይ'የ ዘቕርቦ ዘለኹ።

ተክኖሎጂ ብኣሳራርሓኦምን ባህርያቶምን መካኒካዊ፡ ኤለክትሪክያዊ፡ ኤለክትሮኒያውን ዲጂታላውን ተባሂሎም ክካፋፈሉ ይኽእሉ እዮም። በቱሪ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ዓለምና ፋብሪካታት ኣጭርቕትን ካልእን ዝፈጠረ መካኒካዊ ተክኖሎጂ እዩ። ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ከም መካኒክያዊ ተክኖሎጂ ኣብ ምኽዕባት ኣፍራይነት ብዝነበሮ ተራ፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ገጠራዊ መነባብሮ ናብ ከተማዊ መነባብሮ ኣብ ምስግጋር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኣብ ታሪኽ ንመሃሮ "ጽልዋ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ" ዝትሕዝቶኡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ መርኣያ ናይ ምስፍሕፋሕ ተክኖሎጅን ኣብ ማሕበረ-ቍጠባዊ ምስግጋር ሓደ ሕብረተሰብ ዘለዎ ጽልዋን እዩ። እዚ ኸኣ ተክኖሎጂ ብባህርያቱ፡ ዝርግሐኡን ጽልዋኡን ኣብ ሓደ ቦታ ደው ዝብል ከም ዘይኮነ ዘረጋግጽ እዩ።

ድሕሪ መካኒካዊ ተክኖሎጂ ዝሰዓቡ ኤለክትሪክያውን ኤለክትሮኒክያውን ምህዞታት ከም ራድዮ፡ ማኪና፡ ፍርጅ፡ ተለፎን፡ ራዳርን ተለቭዥንን ኣብ ሕብረተሰባት ነናቶም ጽልዋ ገዲፎም እዮም። ሎሚ ዘሎ ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ መሰረቱ ኤለክትሪክያውን ኤለክትሮኒክያዊን ምህዞታት'ኳ እንተ ኾነ፡ ብርቀቱ፡ ቅልጣፈኡን ዋግኡን ግን ኣመና ኣገራሚ እዩ። ንንጻረ መታን ክሕግዘና ንመኳዓዝያ ንጥቀመለን ዘለና መካይን ካብተን መጀመርታ ዝተሰርሓ መካይን ብብዙሕ ነገራት ዝበለጻ እየን። እንተ ኾነ ኢንዱስትሪ መኪና ከምቲ ኣብ ምዕባለ ኮምፒዩተር ዝተራእየ ቅልጡፍ ለውጢ ኣርእዩ እንተ ዝኸውን፡ ሎሚ 600 ኪ.ሜ. ብሓደ ሊትሮን ፈረቓን ትኸይድ ናይ ገዛ መኪና፡ ብሓደ ፓውንድ ምተሸጠት ማለት እዩ። ብሓጺሩ ኩሉ ዝተራእየ ምዕባለ ተክኖሎጂ ብርቀቱ፡ ቅልጣፈኡን ዋጋኡን ምስ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ዝዳረግ ኣይኮነን።

ቀንዲ መለለዪ ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ኮይኑ ዘሎ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ንኹሉ ሸነኻት ህይወት ወድሰብ ጸልዩዎ'ዩ። ስለዚ ሎሚ ከዛርበና ዘለዎ ስነ-ፍልጠት ክኸዶ ዝኽእል ዕምቈት ዘይኮነ፡ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ንወድሰብ ክጠቕሞ ድዩ ክሃስዮ ከነቕልበሉ ዘለና ዛዕባ ኮይኑ ይስምዓኒ። ኣብ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ዘለና ኣጠቓቕማ እንተ ዘይዋሕሊሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ ርክብናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማናን ሽግር ክፈጥር ከም ዝኽእል ኣሙቱ ኣብ ህዝብታት ሃገራት ምዕራብ ንርእዮ ኣለና። እዚ ስክፍታ'ዩ ኸኣ ጥቓ ሓዊ ዝቐረበ ሓዊ ላሓሰ ከይንኸውን ዘበለኒ። ከም ሕብረተሰብ ኣብ ትሑት ማሕበረ-ቍጠባዊ ደረጃ ከለና ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ማሕበራዊ ዝምድናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማናን ፈጢሩልና ዘሎ ጽልዋ፡ ከም ግዜ ኣምጽኦ ጥራይ ክጥመት ዘለዎ ኣይመስለንን። ኣብ ናይ ገጽ ንገጽ ቈጸራ ደንጒና እናመጻእና፡ ናይ ኢንተርነት ቈጸራ ግን ልዕሊ ዝኾነ ሰሪዕና፣ መንእሰያት፡ ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮና፡ ዞኽዞኽ ኩብሉ ክርእዩም ከለኹ፡ ኣብቲ ብኣካል ንምርኻብ ኣብ ከተማ ንገብሮ ቈጸራ ወይ ናብ ቦታ ስራሕ ድኣ ከምኡ ዘይኮንና'የ ዝብል። ብቐንዱ'ውን ብዝሒ ተጠቃምነት ኢንተርነት ንዕላል እናሰሰነ ይኸይድ ዘሎ። ንኣብነት ኣብ ኣስመራ ኣብ ውሽጢ ኢንተርነት ካፈ ወይ መናድቕ ኢንተርነት ካፈ ደው ኢልና እነምሲ፡ ብዘይካ ናይ ርሑቕ ወግዒ ምውጋዕ ንትምህርቲ፡ ፍልጠት፡ ሞያ ንጥቀመሉዶ? መዓልታዊ ንዕላል ኢንተርነት ዝኣትው ሰባት ኣለዉ። ደሃይ ቤተሰብን ፈታውን ንምጥያቕ ጥራይ እንተ ኾይኑ የዋጽኣናዶ? እሞ ኸኣ ከምዚ ናይ ገሊኡ ጻዕቂ ተጠቃምነት ኢንተርነት፡ ዕላል ማዕዶ ጥራይ ምንፋቕ ንብኡር ማሕበራዊ ድልየት ወድሰብ ድዩ?

ካልእ ማሕበራዊ ጽልዋ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ብናይ ቀረባ ትዕዝብተይ ክጅምር። ኣል ሸሞንተ ዓመት ኣልይን ወዲ ሸዱሽተ ዓመት ወደይን "ገይም" ዝመበገሲኡ ምኮራይ ይቀላቐለና ኣሎ። ብፍላይ እቲ ወዲ፡ "ገይም" ክጻወት ዘየቀባጥሮን ዘይፍትዋ ሸጣራን የለን። እዚ ኸኣ ምስቲ ኣብ ምርጫ ቻነል ተለቭዥን ዘሎ ፍልልይ ወሲኽካ ከየጋነንኩ፡ ሓንሳብ ኣብ መዓልቲ ንኳረ ንኸውን ኢና። እዚ ምስቲ ወለዲ ንባዕልና ተኸታታሊ ፊልም ንምዕዛብ ወይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ንምርኣይ ዘሎ ድልየታት፡ ምርጫ ቻነል ተለቭዥን ድልዱል መዛረቢ ኣጀንዳ ስድራቤት ክኸውን ዝቃራረብ ዘሎ እዩ ዝመስል። ህጻናት ስድራቤታዊ ዕላል፡ ጽውጽዋይን ሕንቅል-ሕንቅሊተይን ሃሲሱ፣ ጸወታ ምስ መዛኑ ነክዩ፣ ቲቪ፡ ሞባይል፡ ታብሌት፡ ገይም ንስድራቤታትን መንእሰያትን ይዕብልለና ኣሎ። ኩልና ዓበይትና ንኣሽቱና ብተክኖሎጂ ሓበሬታ ምዕያይ፡ ምዝንጋዕ፡ ሰነዓትና ምስናድ ኣታኣታቲናዮ ኣለና። እዚ ኣብ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ጽግዕተኛነት፡



እንታይ ብልጫ ወይ እንታይ ዋጋ ከኽፍለና እዩ ግን እንድዒ። ውልቃውን ሕብረተሰባውን ውሕሉል ኣጠቓቕማ እንተ ዘይተገይርሉ ሃሳዩና ክኸውን ምኻኑ ግን ዘማትእ የብሉን።

ኣብዛ ብተክኖሎጂ ሓበሬታ ትራቐቕን ትበሓትን ዘላ ዓለምና፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ገጽ ንገጽ ምርኻብ እናጐደለ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ ኣነባብራና ኣብ ሓደ ከተማን ከባብን እናነበርና፤ መቕርብና፡ ጎረቤትና ዝነበረ፡ መሳርሕትና ዝነበረ ዓቢሩ ድዩ ሃጢሩ፡ ጸሊሙ ድዩ ቀይሑ ብዓይንና ከይርኣናዮ ብተለፎን ንገብሮ ርክብ ኣመና እናጸዓቐ፣ ብኣካል ምርኻብ እናነከየ ይኸይድ ኣሎ። ንኣገዳሲ ስራሕ፡ ንማሕበራዊ ግዴታታት ከም መርዓ፡ ጥምቀት፡ ቀብሪ ዝኣመሰሉ ኣገጣሚታት "ተለፎኑ ኤሪተል ኢላትኒ" እናተብሃህልና ምትሕውዋስና እናጐደለ ይኸይድ ኣሎ። ከም ሓቂ ግን ወድሰብ ማሕበራዊ እንስሳ ስለ ዝኾነ ከም ብኣካል ተራኺብና፡ ስምዒትና፡ ባህግና፡ ተስፋና፡ ስክፍታና ምዕላል ወይ ዕላል ብጻይና ምስማዕ ክኸውን ዝኽእል የለን። ስለዚ ማሕበራዊ ህይወትና ዘይምኽኑይ ጽግዕተኛነት ተክኖሎጂ ሓበሬታ ይብልሎ ከይህሉ ምስትብሃል የድልየና። ምኽንያቱ ዝኾነ ወለዶ ብርታዐኡ ዝልካዕ ሓድሽ ነገር ብናይ ምምላኽ ዓቕሙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብናይ ምርዓምን ምዕቃብን ዓቕሙ'ውን ይልለ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ስድራና ይኹን ካልእ ማሕበራዊ ርክባትና ብኣካል እናተራኸብና ንምዕላል ሓያል ተበግሶ ዘድልየሉ እዋን ይጸጋጋዓና ኣሎ። ቀዳመ ሰንበት ተለፊናም "ኤሪተል" ዝበሉ ሰባት ቡብወገና ንፈልጥ ንኸውን ኢና። እዚ ልምዲ እናተገንዘብክዎ ይኸይድ ከም ዘለኹ፡ እንተወሓደ ኣብ መዓልቲ ዕረፍቶም፡ ናይ ርሑቕ ርክብ ዘይኮነ፡ ናይ ገጽ ንገጽ ዕላል ክገብርዎ ስለ ዝመርጹ እዮም። ብሓቂ ንተክኖሎጂ ሓበሬታ ጐይቶት ዝኾኑ ሰባት ስለ ዝኾኑ፡ ክንዲ "እንታይ ወሪድዎ ተለፎኑ ኤሪተል የብላ?" ኢልና ንሓርቀሎም ማሕበራዊ ልቦና ክንምሃረሎም'ዩ ዝግባእ። ኣብ ስድራቤት መንእሰያት ሰብ ሓዳር ዝቕልቀል ዘሎ፡ "ላፕቶፕ ኣጥፋኣያ ምሳና ኣዕልል፡" ዝብል ምሕጽንታ ህጻናት ደቅና በቲ ሓደ፡ ንሕና መንእሰያት ወለዲ ብግደና "ተለቭዥን፡ ይኣኽለካ/ኪ. ደቅስ፡ ኣጽንዑ'ሞ ገይም ከጻውተካ/ኪ. እየ፡" እናበልና፡ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ዘለናዮ ማሕበረ-ቍጠባዊ ደረጃ ስድራቤታዊ ምብህሃል ክፋራረቐና ካብ ኣፍቀድና፡ ድሕሪ ገለ እዋን ብኤለክትሮኒክያዊ ኣቑሑ ምዝንጋዕን ብርሑቕ መልእኽቲ ምምሕልላፍን ንማሕበራዊ ህይወትና ከይብሕቶ ዘየስግእ ኣይኮነን።

ቈልዑ ኴንና ክንግሰጽ ወይ ክንቅጻዕ ከለና፡ ካብ ወለድና "ክዛረቦካ ከለኹ ናባይ ርአ" ንባህል ነይርና። ካብቲ ናይ ዓይኒ ንዓይኒ ርክብ፡ ወለድና፡ ጣዕሳና፡ ሕንክትናን ስንባደናን ከንብቡ ይሕግዞም ነይሩ ማለት እዩ። በቲ ካልእ ኸኣ ዕትብቱት፡ ድጋጸን ሕርቃን ወለዲ ካብ ገጾም ክነንብብ ይደልዩና ስለ ዝነበሩ እዮም። ገጽ ንገጽ ተራኺብካ ምዕላል፡ ወይ ዓይኒ ንዓይኒ ምጥምማት ከምዚ ምስልና ኣብ መስትያት ዝንጸባረቕ፡ ልቢ ወድሰብ'ውን ኣብ ገጽ ይርኣ'ዩ ስለ ዝብሃል ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ኣገዳስነቱ ዕዙዝ'ዩ። ኣብ ቤት ጽሕፈትን ኣብ መንበሪ ገዛን፡ ኣዒንትና ኣብ ስክሪን ተለቭዥን፡ ኮምፒዩተር፡ ሞባይል፡ ታብሌት፡ ወዘተ. ተኺልና፡ ብኣጻብዕቲ ኢድና መልጉም እናጠወቕና፡ ኢር ፎን ኣብ እዝንና ሰኺዕና፡ ምስ ስድራቤትና ወይ ተገልጋላይ ህዝቢ ንገብሮ ርክብ ውርዙይን ምቁርን ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ ኣቓልቦ ኣኣንጋዲ ዝተንፍጎ ኣገልግሎትን ትኩርነት ወይ ተገዳስነት መላዝበትኻ ዝጐደሎ ምይይጥን ኣዕጋብነ ተባህግን ክኸውን ኣይንጽበን። ብኻልእ ኣበሃህላ ወድሰብ ማሕበራዊ ባህርያቱ ፈጺሙ ክሳብ ዘየጥፍእ፡ መቐረት ገጽ ንገጽ ምርእኣይን ኣቓልቦ ጥቓኡ ዘሎ ሰብ ምጽባይን ክቋርጾ ኣይክእልን እዩ። ተክኖሎጂ ሓበሬታ ግን ነዚ ማሕበራዊ ባህሪ ወድሰብ ዝፈታተኖ ዘሎ ይመስል።

ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ኣሳልጦ ስራሕን ዋሕዚ ሓበሬታን ፈጢሩልና ዘሎ ሓይሊ ቀሊል ኣይኮነን። የግዳስ ስክፍታና ክኸውን ዘለዎ፡ ጐይቶት ተክኖሎጂ ዲና ክንከውን ወይስ ኣገልገልቲ ተክኖሎጂ? ኮምፒዩተር ብዘይ ምጥዋቕና፡ ተለፎን ብዘይ ምርኳብና፡ ተለቭዥን ብዘይ ምርኣይና ይዕበ ይንኣስ ዝስማዓና ሻቕሎት ዝዓይነቱ ምዕልባጥ ሓደ መርኣይኡ እዩ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብፍላይ ኣሜሪካ እዚ ናይ ሕጂ መንእሰይ ወለዶ ብዝተዓጻጸፈ መጠን ካብ ቅድሚኡ ዝነበሩ ወለዱ ኤለክትሮኒክያዊ መሳርሒ ከም ዝጥቀም ዝተፈላለየ መጽናዕታት የረጋግጹ። መንእሰያት ኣብ ኣሜሪካ ኣስታት ሸሞንተ ሰዓት ካብ ግዚኦም ኣብ ተለቭዥን፡ ቪድዮ ገይምን ኮምፒዩተርን የጥፍእዎ። 38% ናይ ተመሃሮ ገለ ኤለክትሮኒክያዊ ኣቕሓ ከይወልዑ ዓሰርተ ደቒቕ ክገብሩ ከም ዘይክእሉ ይሕብር። ናይ ቪድዮ ገይም ትሕዝቶታት ሞራላውነት ወይ እወታዊ ማእዝን ዘትሕዝ ኣይኮነን። መብዝሕትኡ ባህርያት ብፍላይ ኣብ ሞባይላት ንርእዮ ሰራቒ፡ ተባኣሲ፡ ዘመናዊ ዓውደ-ውግእ ዝኣምሰሉ ጕነጻውን ዓመጽን ዝትሕዝትኦም እዮም። 71% ናይ መንእሰያት ኣሜሪካ ካብ ብድምጺ ብጽሑፍ መልእኽቲ ክሰዱ ይመርጹ። ሓደ ካብ ቀንዲ ተውህቦ ወድሰብ ዝኾነ ናይ ምዝራብ ክእለቶም፡ ኣብ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ተጸጊዕም የዳኽምዎ ኣለዉ ማለት እዩ። 45% ካብ መንእሰያት ኣሜሪካ ኣብ መዓልቲ 30 ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ (ቴክስት) ይሰዱ። ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ዝያዳ ዝጥቀማ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። 15% ናይዞም መንእሰይትን ኮተቴታትን ንጹታዊ ስምዒት ዝቕስቅስ መልእኽትን ስእልን ይቕበሉ። ሰብ ዋኒን ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኸኣ ኣብ መንእሰያት ዘውርድዎ ማሕበራዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ግምት ከይሃቡ ፋይናንሳዊ መኽሰቦም ጥራይ ይግሕጡ። ኣብ ኢንተርነት ዝዝርጋሕ ስእለ-ጾዩፍ ዓመታዊ መኽሰቡ 4.9 ቢልዮን ዶላር ይግመት። 12% ናይ መርበባት ሓበሬታ (ዌብሳይት) ናይ ስእለ-ጾዩፍ ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም። 25% ናብ መድለዪ ንቑጣታት (ሰርች ኢንጅንስ) ዝቐርቡ ጠለባት ጾታዊ ስምዒት ናብ ዝቕስቅሱ መርበባት ሓበሬታ ዝቐርቡ ጠለባት እዮም። ብርግጽ እዚ ኣሃዛት'ዚ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ዘብርህ እዩ። ይኹን እምበር በዚ ተገሊጹ ዘሎ መጠንን ንጻረ ኣሃዝን እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ህይወትና ጸልዩና ከም ዘሎ ዝጠራጠር ኣሎ ድዩ?

ተክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ብፍላይ ንመንእሰያት ወለዲ ካብ ዝጸልወና ማሕበራዊ ሸነኻት፡ ሓደ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ኣተሃናንጻ ደቅና እዩ። ስድራቤታት ኣብ ደቀን ክሰርጽኦ ዝደልያ ክብርታት እንተ ሃሊወን፡ ዓርኩ-ማሓዛ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ኤለክትሮኒክያዊ ሚድያ ብሰለት ዝተሓወሶ ጽኑዕ ምቍጽጻር ምግባር፡ ንህጻን ካብ ገበነኛ ዘይልለየሉ ግዳይ ምኻን ከነድሕኖ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ሓደ ካብ ልሉይ ወጽዓታት ኤለክትሮኒክስ ብብዝሒ ምዝውታር፣ ብፍላይ ቪድዮ ገይም ኣብ ህጻናትን ኮተቴን ኣትኩሮ ኣእምሮኦም ንትምህርቲ ብርኡይ ከም ዘንቈልቁል ዝገብሮ ምኻኑ እዩ። ኣብ ውሑዳት ስድራቤታት ድኣ ይኸውን እምበር ክልተ ተለቭዥን ኣብ ሓደ ስድራ፡ መጻወቲ ገይም፡ ሞባይል፡ ኢንተርነት ምህላው ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ስድራቤታትና ኤለክትሮኒክያዊ መሳርሒታት ፈጢርዎ ዝህሉ ጽልዋ ብዓይኒ ማሕበረ ስነ-ኣእምሮ ሕብረተሰብና ከመይ ኮን ክግለጽ ይኽእል ይኸውን? ገለ ትዕዝብቲ ዘለኩም ወስ በሉና።

ብሓፈሻዊ ትዕዝብቲ ግን ተክኖሎጂ ሓበሬታ ክልተ ገጽ ወይ ክልተ ብልሒ ካብ ሃለዎ፡ ነቲ ጽቡቕ መሚና ሕማቕ ነጺግና ክንጥቀመሉ ልቦና ይሃበና'ዩ ዝብሃል። ምኽንያቱ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ከይንርሕቆ የገድሰና እዩ፣ ከይንቐርቦ ሃፈጽትኡ ንርእዮ ኣለና። ስለዚ ኣብ ተክኖሎጂ ሓበሬታ ብኸመይ ሚዛናዊ ኣጠቓቕማ ከነማዕብል ንኽእል?

እልልታ ሰናይ

# ቅንያት ናጽነት፡ ብልዑል ተሳትፎ ተመሃሮ ይደምቕ!

ኣባላት/ኣ/ዜና ዞባ ማእከል
ዮናታን የዕብዮ፡ ናዝሬት በይን
ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር

ዘለናዮ ግዜ ኩሉ ኤርትራዊ ብሕጉስ መንፈስ ዘስተማቕሮ ዘሎ መበል 33 ዓመት ቅንያት ናጽነት እዩ። ንናጽነት ብዘንጸባርቑ ጭርሖታትን ጥንዴራታትን ወቂበን ብዙብሉጮልጮ መብራህቲ ክሽለማ ዝጀንሓ ከተማታት ሃገርና ድማ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ 10 ግንቦት ጀሚረን፡ ወግዓዊ እንግዶተን ስለ ዝጀመራ፡ ህዝቢ ምስ ደቁን ቤተሰቡን፡ ከምኡ'ውን ምስ ዓርኩመሓዛኡ ብምዃኑ ነቲ ዝወቀበ ጉደናታት ሽናዕ እናበለ ይዕዘጦ ንፍሪ-ናጽነት የስተማቕሮን ኣሎ።



ሓደ ካብ'ቲ ንናጽነት ንምድማቕ ዝተኻየደን ዝቕጽል ዘሎን መደባት፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊን ባህላዊን ንጥፈታት እዩ።

በዚ ማሳረት፡ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ኣትሒዙ፡ ኣብ መላእ ሃገር - " ዕጥቕና ፍልጠት - ዕዮና ንልምዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ - ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ቅኑ ኣብያተ-ትምህርቲ ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ። ገለ ካብኡ (እቲ መምስ ሰእሉ ዝጽሓፍ) ብዜና መልክዕ ዘኣንገድናዮ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝበዝሐ ኣብ ጋዜጣ ኣይተኣንገደን።

ለሚ እምባኣር፡ ልኡኻት ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዞባ ማእከል ዝሰደድዎ - ኩሉ ዞማልአ ሓበሬታ (እንተላይ ስእሊ) ዘይረስዐ ትሕዝቶ፡ ንኹሉ ይውክልልና ይኸውን ዝበልናዮ ናይ መዛዘሚ መደብ ሐዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና።

***

ዓመት መጽኡ በዓል ናጽነት ንምምዕራግ ብኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝካየድ መደባት ቅኑ ናጽነት ለሚ ዓመት'ውን ኣብ 7 ግንቦት ተኸፊቱ ይቕጽል ኣሎ። እቲ መደብ ክሳብ 20 ግንቦት ዝቐጸለ ኩይኑ፡ ኣብ መጀመርታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ፊንላንድ ሚሽዮን (ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ) እዩ ብኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሰፍ ሳይቕን ሪባን ብምቑራጽ ብወግዒ ጀሚሩ ዘሎ። ወከልቲ ኩይኖን ኣብ'ቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ዝተረኽበ ኣብያተ ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናት ረሓቦት፡ መጀመርታን ማእከላይን ደረጃ ዓይነስወራን ኣብርሃ ባህታ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ዓወትን ፍረ-ሰላምን ከምኡ'ውን ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደንደን ድማ፡ ንናጽነት ዝገልጽ ድራማታትን ግጥምታትን ብምቕራብ፡ ነቲ መደብ ኣድሚቖምኦ።

ኣብ'ቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ናጽነትና ን30 ዓመታት ብዘተኻየደ መሪር ቃልሲ ዝተረኽበ ደኣ'ምበር ብቶኣቦ ዝተዋህበ ስለዘይኮነ፡ ተመሃሮ ታሪኾም ንኽፈልጡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ወለዲ ድማ ብፍላይ መብጽዓና ክሕድስ ብምዝኽኻር፡ መደባት ቅኑ ናጽነት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ድማ፡ መድረኽ ምውርራስ ፈጢሩ ተመሃሮ ታሪኾም ንኽፈልጡ ዝሕግዞም ምዃኑ ሓቢሩ።

ጽምብል ናጽነት ንምጽብራቕ ዝካየድ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ኪኖ ጓይላን ሆየሆየታን ሳዕስዒትን፡ መንእሰያት ተመሃሮ ናጽነት ንምምጻእ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ተረዲኦም፡ ክብርታት ቃልሲ ክወርሱን ኣብ ምዕቃብ ናጽነትን ምክልኻል ሃገሮምን እጃሞም ከበርክቱን ምእንቲ፡ ኣብ ትምህርቶም ነፈያም ሃገሮም ዝሃንጹሉ ፍልጠትን ክእለትን ክዕጥቁ ንምዝኽኻር እዩ።

መደባት ቅኑ ናጽነት ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ነቲ "ውሕስነት ሰላም ብመኽተ" ዝብል ቴማ መበል 33 ዓመት ዘንጸባርቑ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ሓቝፉ እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ብምኽንያት ናጽነት ዝካየድ ዘሎ መደባት፡ ኣብ መንፈስ ተመሃሮ ፈጢሩዎ ዘሎ ሓጎስን ሓበራዊ ሪእይቶን ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን። ዝኾነ ኣብ ገጽ ነፍሲ-ወከፍ እዮም ተመሃሮ ብቓላት ከተንብቦ እትኽእል እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ መኽፈቲ ኢጋጣሚ፡ ኣወሃሃዲ በዓላት ቅኑ ናጽነት ተመሃሮ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ዑቕባስላሴ ተወልደ፡ ሕጽር ዝበለ ቃል ኣስሚዑ ነይሩ። መምህር ዑቕባስላሴ፡ ቅኑ ናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ ኪኖ'ቲ ኣብ ተመሃሮ ዝፈጥሮ ናይ ምብህሃል መድረኻትን በዓል ናጽነትና ናይ ምድማቕ ሃዋህውኑ ናይ ምውርራስ ዕላማ ዘለዎ ስለዝኾኑ፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ገሊጹ።



መደባት ቅኑ ናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ንዥቡታም ትሕዝቶ ባህልን ብዙሕነትን ኩሎም ብዘሪትና ብዘውክል መድረኻት ስለ ዝካየድ፡ ዓመት መጽኣ ተናፋቒን ኣብ ኣእምሮ ተመሃሮ ዘይሃስስ ዝኸሪ ዝገድፍን ምዃኑ ብምሕባር፡ ናይ ለሚ ዓመት መደባት ቅኑ ናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ ብሸሉ መዳዩ ዘድሊ ምድላዋት ስለ ዝተገብረሉ፡ ኩሉን ኣብያተ ትምህርቲ - ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ፡ ንጣዕሚ ሃገራዊ ደርፍታትን ንገዕዛ ቃልስናን ሓድነትናን ዝውክል ግጥምታት፡ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዝፈረዩ ድምፃ ደርፍን ድራማታትን ካልእን ዘጠቓለሉ መደባት ሐዚዞን ቀሪበን ከምዝለዋ ኣረዲኡ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ኣሃዱ ባህልን ስፖርትን ጥዕና መምህር እስቲፋኖስ ገብረሃዋርያት ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ክሳብ 20 ግንቦት ዝቐጸለ ቅኑ ናጽነት፡ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ዘለዉ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ከተማን ገጠርን ይሳተፉ ከምዝለዉ ብምግላጽ፡ ነቲ መደብ ንምምዕራግ ድማ 256 ኣብያተ ትምህርቲ ምድላዋተን ኣጻፊፈን መደባተን ብጽቡቕ ኣብ ምስልሳል ከምዝርከባ ኣረዲኡ።

ዕለት ናጽነት ንስለ በዓል ተዘኪሩ ዝሓልፍ ቅኑ ዘይኮነስ፡ ንስለኣ ዝተኸፍለ ቃልስን ዋጋን እናዘከርና ሃገራዊ ሓድነትና ቀጻምነት ሰሪዕና፡ ስሙር መኸተና ኣሓይልና ልምዓታዊ መደባትና ንቕድሚት ንምምራሽ መብጽዓና እነሐድሰላ ምዃና ዘዘኻኸረ መምህር እስቲፋኖስ፡ ተመሃሮ በዓል ናጽነት ንምድማቕ ዝርኣይዎ ዘለዉ ንቕሓትን ተሳታፍነትን ሞጒሱ።

ኣብ መደባት ቅኑ ናጽነት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ካብ ዝተሳተፉ ወለዲ ተመሃሮ ወ/ሮ ነጃት እድሪስን ኣቶ ኣማኑኤል ተኽሉን ነቲ ኢጋጥሚ ዝምልከት ርእይቶኦም ሂቦም ነይሮም። ንሳቶም፡ በዓል ናጽነት ብቓልስን መስዋእትን ዜጋታት ዝመጽኣን ብሓያል ቅልጽምን ሓድነትን ዜጋታት ዝዕቀብ ዘሎን ምዃኑ ብምሕባር፡ ብምኽንያት ቅኑ ናጽነት፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ መደባት ተመሃሮ ታሪኾም ንኽፈልጡ ዝዝብር ስለ ዝኸውን፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ፊንላንድ ሚሽዮን ሰራክ ኣዘዘን ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ባና ፍረ-ሂወት ሰለሙንን ድማ፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኣብ ቤት ትምህርቶም ተረኺቦም፡ ንሓድሕዶም ክጻወቱን መቐረት ናጽነት ከስተማቕሩን ስለ ዝኸኣሉ፡ ሕጉሳት ምዃኖም ገሊጾም።

ማዕረ ማዕረ'ዚ፡ ብ12 ዓይነታት ስፖርት፡ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ "ስፖርታዊ ብራኸ፡ ብትምህርታዊ ድራኸ" ብዝብል ቴማ፡ ብ12 ግንቦት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዝኸበ ዝበለ ደምቀት ተዛዚሙ ኣሎ። እዚ ኣብ ሃዋህው ቅንያት ናጽነት ተዛዚሙ ዘሎ ውድድር፡ ኣብ መንፈስን ሓድነትን ተመሃሮ ብሓፈሻ፡ ስፖርታውያን ተመሃሮ ኣብ ምፍራይን ኣብ ምኽሳቦምን ድማ ብፍላይ ዘለዎ ግደን ኣበርክቶን ዕዙዝ ኩይኑ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮ ዝተሳተፍሉ'ዩ ነይሩ። ዕወታት ኣብያተ ትምህርትን ዕወታት ስፖርታውያን ተመሃሮን ድማ፡ ዝተዳለዎም ሽልማታት ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሰፍ ሳይቕን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ተቐቢሎም።

ነቲ ዝተኻየደ ስፖርታዊ ውድድራት ኣመልኪቱ ቃል ዝሃበ፡ ኣቦመንበር ኮሚቴ ቅኑ ስፖርት መምህር ሞሳዝጊ ገዛህይ፡ ተወዳደርቲ ብውልቂ ኮነ ብጕጅለ ብቕዓቶምን ክእለቶምን ዘንጸባረቕሉ ውዕወዕ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ንዘበርኩ ኩሎም ወገናት ምስጋናኡ ኣመሓላሊፉ። ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ መምህር በላይ ሃብተጋብር ዓመት መጽኣ ብደናት ዓቕሚ ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ንስፖርታዊ መንፈስ ተመሃሮ ዘበራብር ዕቑር ዓቕሚ ተመሃሮ ዝፍትሸ፡ ከምኡ'ውን ተወሃሂቦ ዘለዎም መንእሰያት ማዕጸ ዝርሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኢቓልቦ ሂበን ክሰርሓሉ ተላቢዩ።

ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ መጀመርታ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝተሳተፉ ኩይኖም፡ ኣስታት 13,600 ተመሃሮ ኣብ 876 ጋንታታት ተጠርኒፎም ከምዝተሳተፉ ተፈሊጡ።

መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ ንመኸተን ጽንዓትን ንልምዓትን ምዕባለን ከምኡ'ውን ንቲማ ናይ ለሚ ዓመት ዝውክል ዝተፈላለዩ መደባትን ንጥፈታትን ሒዙ ኣብ መላእ ሃገር ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ወሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ህዝብና ድማ ነዚ ርእሲ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ዕለተ ናጽነት ንምድማቕ ኣብ ልዑል ምሽብሻብን ምድላዋትን ይርከብ።

**የሓና! - ርሑስ ቅንያት ናጽነት!**





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ንዋንጫ ናጽነት ተኻዪዱ

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት 2024፡ ንጽዋእ እቲ ዕለት ንምዕታር ናይ ሓንቲ መዓልቲ ቅድድም ብሽክለታ፡ ሰንበት 12 ግንቦት፡ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ተኻዪዱ።

እዚ ናይ ዞባ ማእከል ውድድር፡ ንቖጻሚት ሰለስተ ተቐዳደምቲ - 3፡ 2ን 1ን ካልኢታት ዘኽስቡ ኣብ መንጎ ጸወታ ክልተ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ነይሩዎ።

ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ 79.2 ክሎሜተር ሸፊነን። እዘን ተቐዳደምቲ ካብ ናብ ዝሓለፈ ውድድራት ዝሓሸ ጸወታ ከምዝርኣያ ይግለጽ። ገለ ናይ ምምላቕ ፈተነታት ብምርኣየን'ውን ነቲ 'ተኣኪብና እየን ዝኸዳ' ዝበል ተደጋጋሚ ርእይቶ ብመጠኑ ኣዙሓሊፈናኦ ወዲአን ክበሃል ይካኣል።

ኣብ መዛዘሚ ኣብ ዝበረኦ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ ተቐዳዳሚት ክለብ ደንደን ኣድያም ዳዊት፡ ንጊል ጋንታኣ ሮምና ገብሸን ተቐዳዳሚት ሰራይር ሳዋ ቀሳት ወልደሚካኤልን ብምርታዕ ዕወትቲ ናይ መዓልቲ ናጽነት ውድድር ኮይና።

ሚለና ያፌትን ኢልዳና በርኸትን - ደንደን፡ ርዚና ብርሃ - ዓራግ፡ ብርኽቲ ፍስሃ - ጋላ ኸፍሓ፡ የርዳኖስ ርእሶም - ሰራይር ሳዋ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያን ሰዛና ፍስሃን ጋንታ ደቡብ ከኣ ክሳብ 10ይ ደረጃ ሒዘን። እዘን ተቐዳደምቲ ኣብ ሰዓት ብማእኸላይ 35.2 ክሎሜተር እናተጓዓዛ - ብ2 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 58 ካልኢትን እየን ንዝተሰርዓለን ርሕቀት ወዲአናኦ።

ኣብ ኢንተርሚደይትን መዛዘሚን ብድምር 16 ካልኢት ዝኸሰበት ኣድያም፡ ግዜኣ - ናብ 2 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 42 ካልኢትን (ኣብ ናይ ግዜ ውድድር፡ ብዝውሓደ ግዜ ዝወደአ እዩ ዝዕወት) ከተውርዶ ክኢላ። ብተመሳሳሊ 10 ካልኢት ዝወሰደ ሮምናን ቀሳትን ከኣ ንሓፈሻዊ ግዜኦን ናብ - 2 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 48 ካልኢትን ኣውሪደናኦ። ሚለናን ኢልዳናን ከኣ ብተኸታታሊ 4ን 2ን ካልኢታት ወሲደን።

በዚ ወጽኢት፡ ብጋንታ ደንደን - ብ6 ሰዓት፡ 44 ደቒቕን 54 ካልኢትን ዕወትቲ ዋንጫ ናጽነት ኮይና። ሰራይር ሳዋን ጋላ ኸፍሓን ድማ ብተመሳሳሊ ግዜ ተኸቲለናኦ።

ብሓባር ምስ ደቂ ኣንስትዮ ዝጀመሩ ዓበይቲ ተቐዳደምቲ፡ ምስ ዝተፈላለያ ጋንታታትን ናይ ውልቂን ዝወዳደሩ ብድምር ሓሙሽተ ተቐዳደምቲ ናብ ዞር ኣልጀሪያ ኣፋንዮም እዮም ጸወታኦም ኣካይዶም።

ብርክት ዝበለ ናይ ምምላቕ ፈተነታት፡ ብፍላይ ኣብታ ንእሽተይ ምንቅስቓስ ኣብ ዘለዋ ዓቐብ ኢንሹራንስ፡ ዝተራእዩሉ እዚ ውድድር፡ ብሰላቢ ቅጽበታዊ ውድድር ብዓወት ተቐዳዳማይ ኣሰኪ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ተዛዚሙ። እግሪ እግሩ ከኣ ናኣድ ብርሃ - ደንደን፡ ዳንኤም ፍጹምብርሃን - ኣስቤኮ፡ ናህም ግዜኢ - ኤሪትል፡ ርቤል መሓሪ - ሰምበል፡ ሞሃመድሳልሕ ያሲን ብውልቂ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ኣብ ሰዓት ብማእኸላይ 44.07 ክሎሜተር ዝረገጹ እዞም ተቐዳደምቲ ንዝተመደበሎም 118.8 ክሎሜተር - ብ2 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 44 ካልኢትን ወዲኦሞ።

ብድምር 12 ካልኢታት ዝኸሰበ ኣሌክሳንደር ከኣ ግዜኡ ናብ - 2 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 32 ካልኢትን ከውርዶ ክኢሉ፣ ናኣድ'ውን ብተመሳሳሊ። ዳንኤም፡ ናህምን ርቤልን ከኣ ብተኸታታሊ 7፡ 4ን 2ን ካልኢታት ካብ ግዜኦም ኣጒዲሎም።

ኣስቤኮ፡ ንናይ ጋንታ ውድድር ብ8 ሰዓት፡ 5 ደቒቕን 12 ካልኢትን ክትዕወተሉ እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ደንደንን ሰምበልን ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ተሰሪዐን።

ቀዲሞም ንገለ ክፋል ጎደናታት ኣስመራ ዝኸለልዎ ጁንየር (ንኣሽቱ) ተቐዳደምቲ፡ ናይታ ዕለት ዝቐልጠፈ ግዜ ዝዘረሙ ነይሮም። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ሰዓት ብማእኸላይ 45.2 ክሎሜተር እናተሓንበቡ እዮም፡ ነቲ ናይ 79.2 ክሎሜተር ውድድር - ብ1 ሰዓት 45 ደቒቕን 5 ካልኢትን ወዲኦሞ።

ቀዳማይ ዝኣተወን ብድምር 12 ካልኢታት ዝኸሰበን ተቐዳዳማይ ኣስቤኮ የሴፍ ኣለም፡ ንሓፈሻዊ ግዜኡ ናብ 1 ሰዓት፡ 44 ደቒቕን 53 ካልኢትን ብምጉዳል ተዓዊቱ። ብሓፈሻዊ ግዜ ናህም ኤፍሬም - ኤሪትል፡ ናኣድ በርኸት - ሰምበል፡ ንፍታሌም ኤፍሬም - ኤሪትል፡ ኬቨን ተኽለማርያም - ኣስቤኮ፡ ዘካርያስ ኢሳያስ - ጽንዓት ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዞም።

ብጋንታ ድማ ኣስቤኮ - ብ5 ሰዓት፡ 15 ደቒቕን 15 ካልኢትን ተዓዊታ፣ ኤሪትልን ሰምበልን ብተመሳሳሊ ግዜ ሰዒበናኦ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጉዳይም ተቐዳደምቲ ንዝኾነ እቲ ዕለት ውድድር ኣካይዶም ነይሮም። እዞም ንተዓዘብቲን ናይ ቅድም ደገፍቶምን ንድሕሪት ዝመለሱ ተቐዳደምቲ 33 ክሎሜተር ተሰሪዖሎም፣ ብማእኸላይ ኣብ ሰዓት 37 ክሎሜተር ተጓዒዞም። ቶማስ ቴድሮስ፡ ክሪስቲያን ትሪንጋለን ተኽሊት ኢሳቕን ከኣ ተመራሪሖም ኣትዮም።





## ደሃይ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ሰንበት ኣብ ዝጀመረ ዞር ኣልጀርያ 2024፡ ኣብ ቀዳመይቲ መድረኽ ብመገዲ ሚሮን ተኾመ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ነዚ 124 ክሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ኣልጀርያዊ ያሲነ ሃምዛ - ብ3 ሰዓት፡ 19 ደቒቕን 52 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ሚሮን፡ ግዜ ከይከሰረ ድሕሪኡ ክኣቱ እንከሎ፡ ሚልኪያስ ማእከሉ ብተመሳሳሊ ግዜ ሻሙናይ ደረጃ ሒዙ።



ኣርባዕተ ካልኢታት ጥራይ ድሕሪ ያፌት ሙልጌታ ማብል 11፡ ኣኽሊሉ ገብረሂወት 4 ደቒቕን 54 ካልኢት ደንጉዩ ማብል 38፡ ኤቨን የማን ድማ፡ 17 ደቒቕን 21 ካልኢትን ድሒሩ ማብል 70 ደረጃ ሒዙ።

በዚ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ወጽኢት፡ ያሲን ንሚሮን ኣኸቲሉ ናይ ግዜ ማልያ ለቢሱ። ኣብ መንእሰያት ናይ ግዜ ውድድር ግን፡ ሚልኪያስ ይመርሕ ኣሎ፣ ያፌት ሳልሳይ ደርኪቡ።

ብነጥቢ ያሲን 12፡ ሚሮን 11 ይመርሑ። ምስ ትራንጋ ዝጻወት ዘሎ ኤርትራዊ መትከል እዮብ፡ ብሽዱሽተ ነጥቢ ተኸቲሉዎም ናብ ናይ ትማሊ ውድድር ኣትዩ ነይሩ። መትከል፡ ብኣርባዕተ ናይ ዓቐብ ነጥቢ'ውን ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብዚ ውድድር፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ዓወት ኣማኑ ምስ ናይ የሰኣይ ጋንታኡ ብምኳን ይወዳደር ኣሎ። 4 ደቒቕን 54 ካልኢትን ድሒሩ ከኣ ማብል 13 ደረጃ ሒዙ - ኣብታ ቀዳመይቲ መድረኽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጃፓን ኣብ ናይ ሰለስተ መዓልታት ውድድር ክሳተፍ ዝቐጸለ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ትራንጋ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ ካብ ዕወት 11 ካልኢት ጥራይ ተፈንቲቱ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ውድድር ወዲኡ። ብ35 ነጥቢ'ውን ኣብ ናይ ሸኳ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ እዚ ጉዳም ተቐዳዳማይ፡ ብ9 ናይ ኣንበሳ ዓቐብ ነጥቢ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዙ።

## ሩኒ፡ ንተጻወትቲ ዩናይትድ ነቒፉ

ዋይን ሩኒ፡ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብ ነቐፌታ ንኽድሕኑ ብመጉዳእቲ ኣመኻንዮም ይሕብኡ ብምህላዎም፡ ንኣሰልጣኒኦም ኤሪክ ተን ሃግ ንቕፌታ ከምዝቃልዕዎ ብምግላጽ ነቒፍዎም።

ዩናይትድ፡ ካብ ቀዳሞት ተሰለፍታ - ንፈርናንደዝ፡ ራሽፎርድ፡ ቫራን፡ ሻው፡ ማግዌር፡ ማውንት፡ ሊንደሎፍን ማርቲነዝን ከሰራቶም ትርከብ፡ ብቐደማይ ትማሊ ሰንበት፡ ኣብ ሜዳኣ ብኣርሰናል 1-0 ክትስዓር እንከላ፡ ገለ ካብዞም ተጻወትቲ ምስ ተዓዘብቲ ኮይኖም ክርእዩዋ'ውን ኣብ ዓይኒ ካምራ ኣትዮም እዮም።

ይኹን እምበር፡ ናይ ኩሉ ሳዕ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሹቶ ማን ዩናይትድ ዝኾነ ሩኒ፡ ገለ ካብዞም ተጻወትቲ ካብ ነቐፌታ ንምህዳም ክበሉ፡ መጉዳእቲ ኣመኻንዮም ክጻወቱ ከምዘይመረጹ የረድእ። "100 ማእታዊት ገለ ተጻወትቲ ክጻወቱ ይኽእሉ ነይሮም።" ዝበለ እዚ እንግሊዛዊ፡ "ምኽንያቱ፡ ቀሩብ ይንቀፉ ኣለው። ካብ ጸወታ ወጺእካ ጸሓትካ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕን ኤውሮፓ ሻምፕዮንሽፕን ንኽትሳተፍ ኢልካ ክትምለስ ንተጻዋታይ ቀሊል እዩ። ኣብ ዝሓለፋ ዓመታት ባዕለይ ርእየዮ እየ። እቶም ዝተጎድኡ ተጻወትቲ ኦብሮም ካብ ነቐፌታ የህድሙ፣ እቲ ኣሰልጣኒ ግና ንኹሉ ነቐፌታ ይሰከም።" ኢሉ።

ናይ ቅድም ሓለቓ ጋንታ ማን ዩናይትድ ሮይ ኪን ብወገኑ፡ "ከም ዝመስለኒ ኩሉ ግዜ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክለብ ውሑዳት ተጻወትቲ ኣለው። ኣብ መጉዳእቲ ዝሕብኡ። ኣብ ዝተወሰኑ መድረኻት ናይዛ ዓመት ስፖርት ብዙሓት ተጻወትቲ ማሳሰብርቲ ምስ ዘጋጥሞም ወይ ርእሶም ተኣማሚኖም ኣብ ዘኾነሉ፡ ብቕልጡፍ ናብ ጋንታኦም ክምለሱ ኣይጽዕሩን እዮም።" ክብል ተመሳሳሊ ከም ናይ ሩኒ ርእይቶ ሂቡ። እዛ ጋንታ፡ ንተን ሃግ ኣብዛ ክረምቲ ከይተባርሮን ዓቕሙ ዘርእየሉ ተወሳኺ ወቕቲ ክትህቦን እውን ተተሰኒፉዮም።

ማን ዩናይትድ፡ እዛ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ስዕረታ ማብል 14 ናይ ሊግ ስዕረት እያ። ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝጸሓፈቶ ሕማቕ ታሪኽ 'ክብረወሰን ማብል 13 ስዕረት ፕሪመር ሊግ' ማሊሳ ወሲኻትሉ ኣላ። ኣብዚ ወቕቲ ታሽዐይቲ ስዕረት ኣብ ሜዳኣ ኦልትራፎርድ ብምኻና ከኣ ምስቲ ናይ 1973-74 ተመሳሳሊ ብዝሒ ስዕረት ተመዝጊርያ ኣላ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ እዋን ሻሙናይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ። እዚ ማለት፡ ከምዚ ዘሎ ደረጃ እንተወዲኣ፡ ንዓመታ ኣብ ዝኾነ ኤውሮጳዊ ውድድር ኣይክትክኣሉን እያ። ዝዘርፋ እንኮ ዕድል ድማ 25 ግንቦት ምስ ማን ሲቲ እተካይዶ ናይ ፍጻመ ግጥም ኤፍኤ ካፕ እዩ - ንሲቲ ሰዒራ ናብ ኤውሮፓ ሊግ ክትኣቱ ትኽእል ብምኳና። እንተ ተን ሃግ ግን፡ ድሕሪ'ዚ ስዕረት ንዕኡ እዛ ጋንታ ክቕይሮ ከምዝኽእል ብዘይጥርጥር ካብ ምዝራብ ዓዲ ኣይወዓለን።

## "ቶተንሃም ምስ ማን ሲቲ፡ ንዋንጫ እትውስን ግጥም እያ" ጋሪ ኔቪል

ሎሚ ምሸት፡ ቶተንሃምን ማን ሲቲን ዝካየዳኦ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ኣብ መንጎ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ንዝካየድ ዘሎ ዋንጫ ናይ ምዕታር ቃልሲ - ክትውስን ከምእትኽእል፡ ጋሪ ኔቪል እምነቱ ገሊጹ።

ኣርሰናል፡ ንማን ዩናይትድ 1-0 ብምስዓር፡ ንሓንቲ መዓልቲ ብማን ሲቲ ተታሒዙ ዝጸበዮ መሪሕነት ተቐቢላቶ ኣላ። እንተኾነ፡ ካብ ማን ሲቲ ሓንቲ ዝያዳ ጸወታ ኣካይዳ ትርከብ። ሲቲ፡ ጉዳሊታ ዘላ ጸወታ ንምምላእ ሎሚ ምሸት ናብቲ ኣርሰናል እትርከበሉ ከተማ ለንደን ተጓዒዛ ንቶተንሃም ክትገጥማ እያ።

"ናይ ሰሉስ (ሎሚ) ጸወታ ወሳኒት እያ። ኣነ ቅድሚ ወርሒ ንምግጣም ቶተንሃምን ማን ሲቲን ብዝንቀወሓ እጽበዮ ኣለኹ ኢለ ነይረ።" ዝበለ ኔቪል፡ "ገለ ፍጻመታት ብሕጂ ኪጋጥም እዩ፣ እንተኾነ - ኩሉ ሎሚ ምሸት እዩ ዝርኣ። ሲቲን ኣርሰናልን ኣብ መዛዘሚት መዓልቲ (ሰንበት እዩ ክውዳእ) ጌጋ ኣይክፍጽማን እየን። እዛ ምሸት ግና፡ እታ እትውስን እያ።" ኢሉ።

"ገለ ናይ ተዓዛብቲ ትጽቢት ኣሎ፣ 'ቶተንሃም ክትጻወት ትኽእል ዲያ? ... ንሲቲ ጸገም/ብድሆ ክፈጥሩላ ይኽእሉ ድዮም?' ዝብል እዩ። ይኽእሉ እዮም፣ እንተኾነ ነተን ገለ ዕድላቶም ኣብዚ ጸወታ ክጥቀሙለን ይኽእሉ'ዶ እዮም እቲ ሕቶ?" ክብል'ውን ነቲ 'ዋንጫ ኣርሰናል ካብ እትወስዶ ቶተንሃም ንሲቲ ክትስዕራ ይቐላ' ዝብል ዘረባ ገለ ደገፍቲ ኣልዒሉ። ከም እምነቱ ግን፡ ተጻወትቲ ቶተንሃም ኣንጻር ትጽቢት ደገፍቲ ብቐዓት ክርእዩ ምኻኖም ይዛረብ።

ኣብ ሓደ ከተማ ዝርከብ ኣርሰናልን ቶተንሃምን መቐናቕንቲ ምኻኖም ይግለጽ። በዚ ከኣ ደገፍቲ ቶተንሃም፡ ኣርሰናል ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ክትዓትር ከምዘይውሕጠሎም ናይ ቀረባ ወገናት የረድኡ። ብመንጽሩ፡ ራብዐይቲ ብዝኾነ ኣስቶን ቪላ ብኣርባዕተ ነጥቢ ተበሊጻ ዘላ ቶተንሃም፡ ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ተኽእሎኣ ከተጣጥሕ እንተኾይና፡ ኣብዚ ጸወታ ክትዕወት ኣለዋ። እንተኾነ ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ሊቨርፑል ንቪላ ምስ እትስዕራ ጥራይ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል ፖል መርሶን፡ "ብዙሓት ኣርሰናል ክበድን ዝደልዩ ደገፍቲ ቶተንሃም፡ ማን ሲቲ ሹቶ ኣብ እትመዝግበሎም ክጸምብሉ እዮም" ክብል ተዋዚዩ።

> **መደብ ጸወታ**
>
> ሎሚ
>
> ፕሪመር ሊግ
>
> ቶተንሃም - ማን ሲቲ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ግብጺ፥ ኣንጻር እስራኤል ኣብ ዝካየዱ ሕጋዊ ጻዕሪታት ክምእትጸንበር ኣፍሊጣ

ግብጺ፥ ዝሓለፈ ዓመት ደቡብ ኣፍሪቃ ኣንጻር እቲ እስራኤል ኣብ ቓዛ እተካዩዶ ዘላ ደብዳብ ብዘምልከት - ኣብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ዝጀመረቶ ሕጋዊ ጻዕሪ ክትጸንበር መደብ ከም ዘለዋ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፥ ግብጺ ኑቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘቕረበቶ ክሲ ቅትለት ሰላማውያን ሰባት ብወግዒ ክትድግፎ ምኳና ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ንክሲ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ከምዝድግፎ ዝገለጸ ዘሎ፡ እስራኤል ኣብ ቓዛ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍጽሞ ዘሎ ውተሃደራዊ መጥቃዕቲ እናወሰኸ ብምምጻኡ እዩ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን እተካዩዶ ዘላ ሰፊሕ መጥቃዕቲ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሰብኣዊ ቅልውላው ከምዘፈጠረ ዘረድእ እቲ ሚኒስትሪ፡ መንግስቲ እስራኤል ብዘኽተሎ ዘሎ ፖሊሲታት - ፍልስጤማውያን መሬቶም ክሓድጉ እውን ይግደዱ ከምዘለዉ ኣገንዚቡ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣንጻር እስራኤል ናብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ጥርዓን ምቕራብ ዝዝከር እዩ።

ቱርኪን ኮሎምብያን እውን ኑቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘቕረበቶ ክሲ ክጽንበራኦ ምኳነን ኣፍሊጠን ኣለዋ።





## ሩስያ - ኣብ ካቢነ ሚኒስተራት ምቅይያራት ይግበር

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፥ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ካቢነ ሚኒስተራት ሃገሩ ዘካይዶ ዘሎ ምትዕርራያት፡ ንሚኒስተር ምክልኻል'ታ ሃገር ሰርጌይ ሾይጉ ከም ጸሓፊ ባይቶ ጸጥታ ሩስያ ገይሩ ክሸሞ ምኳኑ ተሓቢሩ።

ወዲ 68 ዓመት ሰርገይ ሾይጉ፡ ካብ 2012 ጀሚሩ እዩ ከም ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ።

በዚ ድማ፡ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር-ነበር ኣንድሬይ ቤሎሶቭ ሓድሽ ሚኒስተር ምክልኻል ክኸውን ምኳኑ ቤት-ጽሕፈት ክረምሊን ዝሓለፈ ሰንበት ኣፍሊጡ።

ኣንድሬይ ቤሎሶቭ፡ ከም ሚኒስተር ምክልኻል'ታ ሃገር ክሸየም እንተኾይኑ፡ ብቤት-ምኽሪ ፌደረሽን ሩስያ ክጸድቕ ከምዘለዎ ተሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ምትዕርራያት፡ ፕረዚደንት ፑቲን ሓሙሻይ እብረ ስልጣኑ ኣብ ዝጀመረሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝካየድ ዘሎ። በዚ መሰረት፡ ምስ ሕጊ'ታ ሃገር ብዝተኣሳሰር ኣገባብ ምሉእ ካቢነ ሚኒስተራት - ዝሓለፈ ሰሉስ ካብ ስልጣኑ ከምዝተኣልየ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ - 87 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ከምእተዓወተ ይዝከር።

## መንግስቲ ዒራቕ፡ ንጥፈታት ‘ዩናሚ’ ከብቅዕ ሓቲቱ

መንግስቲ ዒራቕ፡ ፖለቲካዊ ተልእኾ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዒራቕ - ‘ዩናሚ’፡ ክሳብ መወዳእታ 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ ክዛዘም ሕቶ ከምዘቕረበ ተገሊጹ።

መንግስቲ ዒራቕ፡ እቲ ተልእኾ ንልዕሊ 20 ዓመት ኣብ ሃገሩ ድሕሪ ምጽንሑ እዩ ነዚ ሕቶ እዚ ዘልዕል ዘሎ።

እዚ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ሕቶ፡ ብመንጽር እቲ ናብ ምርግጋእ ገጹ ዝወስድ ዘሎ ምዕባለታት ኣብታ ሃገር፡ ኣድላዪነት ናይ'ቲ ተልእኾ ብኣኡ መጠን ክንኪ ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ ተገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺዓ ኣል ሱዳኒ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፥ መንግስቲ ዒራቕ ኑቲ ተልእኾ ክሳብ 2025 ካብ ሃገሩ ክወጽእ ዘቕረቦ ሕቶ፡ እኹል ናይ ግዜ ገደብ ምኳኑ ኣረዲኡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ደጊም ኣብ ዒራቕ ንፖለቲካዊ ተልእኾታት ምኽንያታት ዝኾኑ ጉዳያት ከህልዉ ከምዘይኮኑ እኳ እንተገለጹ፡ ሃገሩ ምስ ካልኦት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ምትሕብባራ ከተዕምቑ ከምእትደሊ ግና ኣገንዚቡ።

እቲ መግለጺ ወሲኹ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት መንግስቲ ዒራቕ ዘቕረቦ ሕቶ መልሲ ንምሃብ፡ ካብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ንኸይሓልፍ ትጽቢት ከምዝገበር ኣብሪሁ።

‘ዩናሚ’፡ ብሕቶ መንግስቲ ዒራቕ ኣብ 2003 ዝተመስረተ ፍሉይ ፖለቲካዊ ተልእኾ ኮይኑ፡ ገለ ካብ ተልእኾኡ - ንመንግስትን ህዝብን ዒራቕ ደገፍ ምሃብ፡ ንኹሉ ዝሓቍፍ ፖሊቲካዊ ዘተ ብደረጃ ሃገርን ማሕበረሰብን ምስራዕ ይርከቦ።



## ፖላንድ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ጽላት እትገብሮ ወፍሪ ተዛዩድ

ጸጥታዊ ኩነታት ምብራቕ ኤውሮጳ እናበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ፖላንድ ኣብ ወተሃደራዊ ጽላት እትገብሮ ወፍሪ መሊሳ ከተዕብዮ ምኳና ኣፍሊጣ።



ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጽላት ምክልኻል ንምድልዳል 34 ቢልዮን ዶላር ዝሰልዐት ፖላንድ፡ ኣብ 2024 ኑቲ ባጀት ብዕጽፊ ከተዕብዮ ከምእትኽእል ኣሚታ ኣላ።

እታ ሃገር፡ ደሮ ዝተረቓቐ ኣጽዋርን ነፈርቲ ኩናትን ክትሸምት ከምዝጀመረት እዩም ጸብጻባት ዘረድኡ።

ንዩክሬን ዝዘፍ ወተሃደራዊ ደገፍ ካብ ዝሁብራ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ዝኾነት ፖላንድ፡ ምስ ቤላሩስ ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት ጸዑቕ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ተካዩድ ከምዘላ ይሕበር።

ከም ኣካል'ቲ ወፍሪ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝጸንሐ ቀጻሪ ሰራዊታ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ክብ ከምዝበለቶ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ምስ ቤላሩስን ሩስያን ዝጸንሓ ምትፍናን መሊሱ ከምዝገፍሐ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ የረድኡ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ፡ ምስ ሩሲያ ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት ምብራቕ ኤውሮጳ ዝተዋፈረ ቀጻሪ ሰራዊት ‘ኔቶ’፡ ብዕጽፊታት ዛዩዱ ኣሎ።

ሩሲያ፡ ካብ'ቲ ምንቅስቓስ ክመጽእ ዝኽእል ስግኣት ንምምካት፡ ኣቐዲማ ኣብ ቤላሩስ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ከምዘዋደደት ይፍለጥ።

## ኣመሪካ - ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ሻቕሎት ፈጢሩ

ኣብ ኣመሪካ፡ ካብ ኣዕዋፍ ናብ ኩቡቲ ክመሓላለፍ ጀሚሩ ዘሎ ኢንፍሉዌንዛ፡ ጥዕናዊ ሻቕሎት ፈጢሩ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ዛጊት፡ ቡቲ H5N1 ዝተሰምየ ቫይረስ ዝመሓላለፍ ሕማም - ኣማኢት ኩቡቲ ከምእተለኽፉ ዝጠቐሱ ክኢላታት ጥዕና ኣመሪካ፡ እቲ ሕማም ናብ ሰብ ከይመሓላለፍ ስግኣቶም ይገልጹ ኣለዉ።

በዚ ድማ፡ ሰሜን ካሮላይና፡ ቴክሳስ፡ ኦሃዮ፡ ካንሳስ፡ ኮሎራዶን ሚቺጋንን ኣብ ዝርከባኦን ክፍላተ-ሃገር፡ ናይ መጠንቀቕታ ኣዋጅ ተመሓላሊፉ ኣሎ።

ቡቲ ክስተት ዝተሻቀለት ኮሎምብያ፡ እታው ፍርያት ጸባን ስጋን ኣመሪካ ክትውንዘፍ እንከላ፡ መክሲኮን ካናዳን ዝርከባኦን ጎረባብቲ ሃገራት ድማ፡ ኣብ ዝኣቱ ፍርያት ኩሉ ልዑል ቍጽጽር ክግበር ኣዚዘን ኣለዋ።

ኢንፍልዌንዛ ኣዕዋፍ፡ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ እንተጀሚሩ፡ ሳዕቤናቱ ቀሊል ከምዘይከውን እዩም ክኢላታት ጥዕና ዘጠንቅቑ።



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ሚለንዩም
ዕለት: 14/05/2024
ጎደና: ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ
ቁ.ስልኪ: 07153448
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services